ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.73 | ሰሉስ 24 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ተምላስን ውጽኣትን



ገጽ 4
መካቲ ባህሪ ሰነ-ጥበብ ሃገርና



ገጽ 5
ውሽጣዊ ዓቕምና ብዝግላእ ንፈልጦ፡



ገጽ 11
ሳይሞን፡ ኣብ ኢጣልያ ተዓዊቱ



ሚኒስተር ዑስማን፡ ኣብ “መድረኽ ኣስዋን ንዘላቒ ሰላምን ልምዓትን” ተሳቲፉ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ21ን 22ን ሕዳር ኣብ ከተማ ኣስዋን - ዓቢጺ ኣብ ዝተቃለዐ ሻድሻይ “መድረኽ ኣስዋን ንዘላቒ ሰላምን ልምዓትን” ተሳቲፉ።

እዚ ሚኒስተራት ዝርኢነሉም ላዕለምት ሰቡ-መፃኢ ሃገራትን መንግስታትን፡ ከምኡ’ውን ወኪልቲ ዞሙዮንን ኣህጉረውያንን ውድባትን ትካላትን ዝተሳተፍዎ ኣኼቡ ዘላቒ ሰላምን ልምዓትን ንምርግጋጽ ሓብራዊ ጻዕረታት ንምሕያልን ንምወሓህድን ዝጸለመ ኩይኑ፡ ኣብ ሒያሎ ህጹጽ ጉዳያት - እንተላይ ብደህየታት ሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን ኣህጉር ኣፍሪቃን ክሸጽኡን ዘተኩ።

ኣብ’ዚ ፕረዚደንት ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲን ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕብረት ሃገራት ኣንዮንዮ ጉተረሽን ብምንዛ ብዘመሓላለፍዎ መልእኽትታት ዝተኸፍተ ኣኼቡ ወኽልቲ ዝተፈላለያ ሃገራትን ውድባትን ንመርጸታት ሃገራቶም ዘንጸባርቑ መደረታት ኣሰማዒኑ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ መደረኡ እቲ ኣኼባ - ዓለማዊ ስርዓት መዋቕራዊ ለወጥታት ኣብ ዘርእየሉ ዘሎ እዋን ይቃናዕ ምህላዉ ብምጥቃሱ እዚ ተዛዋሲ መድረኽ ብዓይማዊ ትእዝብት ዝመሓደር ክኸውን ስለዘይብሉ፡ ሓቂኖን ኣድማዕን ኣፍሪቃዊ ትካል ምህላው ኣንዳስኡ፡ ዕዙዝ ነፀግቸኹን ገለጸ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዓበ፡ ርኢይቶ ኤርትራ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ፡ ምሕጻስ ግሉላዊ ምሕደራን ኣህጉራዊ ማዕዊ መዋቕርን፡ ምኽባር ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ልኡላውነትን ግዘኢታዊ ሓድነትን፡ ነፃምኡ’ውን ምውሓስ ሰብኣዊ ባህሪውን ዞሙውን ጉዳያት ነፀማዝጋልል ብዘርንዘር ድሕሪ ምብራዙ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ግሉላዊ ጉዳያት ትርጉም ዘለዎ ግደን ጽልዋን ክህልዋ እንተኾይኑ፡ ግቡእ ቦትኣ ክትሕዝ፡ ነፃምኡ’ውን ወሸጣዊ ዓቕሚታታ ክተመሓድን ክተደንፍዝን ነፃግዞእ ኣሎሚሩሉ።

ብዘይ’ገዘ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ኣብ ቴማ ናይ’ቲ ኣኼባ ኣብ ዝጥመር ዛዕባታት ኣተኩሩ ኣብ ዝተወደበ ሓብራዊ ዙተ ተሳቲፉን መርጢ ኤርትራ ኣጸሪጉ።

እዚ ነፃ’ዚ’ሉ እኽሊ፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ዓብዪን ሱዳንን ገኒገኒ ናይ’ቲ ኣኼባ ብ21 ሕዳር ኣብ ዙየድዎ ሰሉሳዊ ርክቡ ልኡላውነትን ግዘኢታዊ ሓድነትን ነፃኡ’ውን ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ንምውሓስ ምወሳሰድ ሃገራቶም ንምድጋፉ ዘረዋሙ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር በድር ዓብደልዓጢን ሚኒስተር መሐዲን ሳልም ወሲ’ኾም፡ መላእኽት ናይ’ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ኣልዓለሜን ዝተኻየደ ናይ ምምሕዛር ዋዕላ መራሕቲ ንምስማር ዝዘሎ ሓብራዊ መብጽዓ ኣረጋጊጾም።

ኣብ’ቲ ርክቡ፡ ፊጽሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ግብጺ፡ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሃብ ተሳቲፉ ነይሩ።



ተጋዳላይ ጎይትኣም ደበሳይ ተሰዊኡ



ገዲም ተጋዳላይ ጎይትኣም ደበሳይ ተሰፉዝ፡ ብ19 ሕዳር ኣብ መባል 70 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዋእ።

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1974 ኣብ ህዙዋዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ጎይትኣም፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ሚሕብራዊ ጉዳያት፡ ዕጥቂን ሰንቂን ነፃኡ’ውን ኣብ ክፍሊሰራዊት 74 ብዝተፈላለየ ጸፍሕታት ሓሳፍት ንህዝቡን ሃገሩን ብዝወፈዩት ድሕሪ ምግልጋል፡ ኣብ 1994 ተፋንጹ መዓብሮኡ ክመርሕ ገዚእሉ ሓርገኾ’ዩ።

ስመእ ተጋዳላይ ጎይትኣም ደበሳይ፡ ብዮል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን’ዩ።

ሰራዊትና ቀብሩ ደማ ብ 21 ሕዳር ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መቕሙቻብር ሓርገኾታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስተሪ ምክልኻል፡ ብመዋእሊ ገዲም ተጋዳላይ ጎይትኣም ደበሳይ ዝተሰመየ መረር ሓዘን እናገለጸ ንእድራቢቱን መቓልስቱን “ጽንዓት ይሃቡኹም” ይብል።

ሎጎ ዓንሰባ - ኣርባዕተ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ተሰሪሐን

ኣብ’ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ - ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ’ንኣምኔ፡ ኣብረሸቐ፡ ኣኼቱን ደቂሹሓይን ብህዝቡን መምህራትን ካብ ዝተሰርሓ ኣርባዕተ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ፡ እተን ሰለስተ ተጻፈፈን ሸፋፅ ኣገልግሎት ክህባ ጀሚረን።

ህጻፅ ናይ’ዞን ትካላት፡ ንተሳታፍነት ተመሪሮ ብ31 ሚእታዊት ነፃዝዕበዮ ዝዛበረ ሓሌፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓሪ ተኾመ፡ ካብ 1,200 ተመሪሮ ቅድመ-ትምህርቲ እተን 48 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ምኻኖን ገለጸ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወኹ፡ ኣብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ተኸፊተን ኣገልግሎት ደህባ ነፃዝዕዋ ብምሕባር፡ ነፍሲ ወከፍ ቁልዓ ብቐድመ-ትምህርቲ ክሓልፍ ካብ ቀዳምነታት ሚኒስቴሪ ትምህርቲ ስለዘይሰኑ፡ ኣብ ገጠራት ዝርኸቡ ቁልዑ እዚ ዕድል’ዚ ንክረኽቡ፡ ምጥርናፍ ዓድታት ብዘለዎል ክሰራሑ ተጻቢዩ።

መምህራን ብወገኖም፡ ቁልዓ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዘሕልፈን ክልተ ዓመታት መሳረት ዝቐጽል ገፀ ትምህርቲ ስለዘየኽፍና፡ ወሲዱ ንደቆም ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክልእኹ ተማሕጸናዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ብዙሃን መምህራትን ገዚኦም ዝተሰርሐ ኣብ 22 ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ኣለዉ።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ኣፍሪቃን ኖርዲክን ተሳቲፉ



ብኣምባሳደር ፍሱሓጸዮን ጴጥሮስ - ቀዋሚ ኣምባሳደር ኣብ ሪፓብሊክ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሸወደንን ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ19ን 20ን ሕዳር ኣብ ኩተማ ኦስሎ - ኖርወይ ኣብ ዝተጻንዐ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ኣፍሪቃን ኖርዲክን ተሳቲፉ።

እቲ "ዙተ ኣብ ዘይርገእ ዘመን፡ ንሓባራዊ ዕብየትን ንዘሓሸ መጻኢን" ዝብል ቴማ ዝተኻየደን ሚኒስተራት ዝርኸብዎም ልዕሊ 130 መኽልቲ ዝተሳተፍዎን ኣኼባ ኣብ መንን ሃገራት ኣፍሪቃን ኖርዲክን ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምትሕብባር ንምድልዳል ዘዓለመ'ዩ።

ኣብ'ቲ ብቑንዱ ኣብ ምስፋሕ ንግዳዊ ርክባት፡ ምትብባዕ ወፍሪ፡ ምፍጣር ዕድላት ስራሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓባራዊ ዓለምለኻዊ ብድህታትን ዞባዊ ጉዳያትን ዘተኩረ ኣኼባኡ ኣብ ኣገዳስነት ምኽባር ዓለምለኻዊ ሕጊን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፣ ምምሕያሽ ዓለምለኻዊ ስርዓትን ምድልዳል ወኽልና ኣፍሪቃ ኣብ ዓለምለኻዊ ትካላትን እውን ተዘትዩ።

ማዕረ-ማዕረ'ዚ ኣኼባኡ ኣምባሳደር ፍሱሓጸዮን ጴጥሮስ ብፈጸሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስዊንድኑቪያ ኣቶ መሐመድ-ዓሊ መሐመድ-ሰዒድ ተሰንዩ፡ ኣብ ሚኒስተሪ ጉዳያት ወጻኢ ኖርወይ ምስ ዳይረክተራት ጉዳያት ዴሸክ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ሚስተር ኤይናር ረስታድን ሚስተር ናርሽ ሮትዊትን፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ኖርወይን ንኤርትራውያን ነበርቲ ኖርወይ ዘጋጥሙ ብድህታትን ዓሚቕ ዙተ ከምዞየደ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ናቕፋ - ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

በት-ጽሕፈት ፖሊስ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ኣፍልጦን ግንዘበን ሕጊ ዘበርኽ ነስጉሳዊ ኣስተምህሮ፡ ብ12 ሕዳር ንዝበርቲ ሂቡ።

ኣዘዚ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ - ኮፕራል መሓሪ ተስፋሚካኤል፡ ንዕላማን ተልእኾን ፖሊስ ሕግን ሰኩምግባሮን፡ ሲቪላውን ገበናውን ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ብሽለልትነት ዝፍጸሙ በደላትን ገበናትን ሳዕቤናቶምን ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘድሕን፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ኣብ ሕጊ ብምብራኽ፡ ኣብ ምግታእ ገበናትን በደላትን ምቅላዕ ገበኛታትን ምትሕባዖሩ ከዘይድ ኣዘዞኺሩ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ዮሩስ ተስፋልደት ብወሸ፡ ኣብ'ቲ ኮብቢ ዘሰክፍ ጸጥታዊ ኩነታት'ኳ እንተዘይህለው፡ ንኹሉ እንተታት ድሉው ምኻን ኣብ ምንካይ በደላትን ገበናትን ሓጋዚ ከምዘኽኑ ብምግላጽ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ኣብ ዘመሓላለፎ መዘዞሚ መልእኽቲ፡ በደላትን ገበናትን ንምክልኻል ዝወሃብ ኣነቓቓሒ ኣስተምህሮታት ኣገዳስኑ ዕዙዝ ስለዝኾነ፡ ዜጋታት ብግቡእ ክከታተልዎ ተማሕጺኑ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ሰ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ሰ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ስሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ሰ.113395-07588045

ምልክታ

ቀ.ሰ 125013 - ቀ.ሳ.ጸ 1284

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
10፡15	ብሚኒስተሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣኳዳሚያዊ መደብ
11፡45	ደርፊ
12፡00	ሃገራዊ መዝሙር
12፡05	ዘዋሪት ካሜራ
12፡30	ዜና (ትግርኛ)
12፡50	ዜና ስፖርት
12፡55	ዳህላስ ሕትመት
13፡30	ዜና (ዓረብ)
13፡45	ለሰ ስፖርት
15፡15	መደብ መኣዝን ልምዓት
15፡30	ብሚኒስተሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣኳዳሚያዊ መደብ
17፡00	ዜና (ትግርኛ)
17፡15	ዳህላስና
17፡30	ዜና (ዓረብ)
17፡45	ዶክተራት ኣብ ሰትድዮ
18፡25	ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት
19፡10	ከዋኽቡቲ
19፡25	ሃሎ ቁልዑ
20፡00	ዜና (ትግረ)
20፡15	መደብ ሽዕበት
21፡00	ዜና (ትግርኛ)
21፡25	ፊልም እንዳ ዝምም
22፡00	ዜና (ዓረብ)
22፡15	ዓለም ሰነ ጥቡብ
22፡30	ዜና (እንግሊዝ)

ርእሰ ዓንቀጽ

ነዛ ዘውዲ'ዚኣ ዝትንክያ ወይልኡ!

ኤርትራ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዋ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር'ያ። እዚ ድማ ኣንጻር ጸኢትን ዓመጽትን ድሕሪ ዝተኻየደ ናይ ኣስታት 80 ዓመታት ቃልሲ - 30 ዓመታት ኩብኡ ሶጥቃዊ ገድሊ - ዝተረጋገጸ፣ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነትን ክረኽባ ከለዋ፡ ብዮሉቕ፡ ተጎሪግዋ ዝጸንሐን ከቢድ መሰዋእቲ ዝተኸፈሉን መሰረታዊ ሃገራውን ሱብኣዊን መሰል'ዩ።

ንልኡላውነት ብዝምልከት፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ብዘጾሞሙ ቃላት'ዩ ኣነጺርዎ ዘሎ። ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 2(4)፡ ኣብ ልዕሊ ግዘኣታዊ ሓድነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ናይ ዝኾነት ትኹን ልኡላዊት ሃገር ዝሽር ምፍርራሕ ወይ ምጥቃም ሓይሊ፡ ውጉዝን ክልኪልን'ዩ። ኣፍሪቃዊ ሕብረት ዝቐመሉ ውዕል'ውን፡ መዋእኣታዊ ዶባት ብጥብቂ ክኽበር ከምዘለዎ ብድሙቕ መሰመር ኣሰሬርዎ'ሎ።

ልኡላውነት፡ ብማንም ዘይተንክ ፍጹም ስለዝኾኑ፡ ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ - መሬቱ፡ ባሕሩን ሰሞዩ፡ ቀይሕ መሰመር'ዩ። "እርማት ዝጸበ ታሪካዊ ጌጋ" ዘይኮኑ ንታሪካዊ ዓመጽ ብደም፡ ድምጽን ሕማን ዝኣረመ፣ ወለዶታት ተብራርየም ረዚን ዋጋ ዝኸፈሉሉ - ዘሎማን'ዩ።

ኤርትራ፡ ብ24 ግንቦት 1991 ብመሰዋእቲ ደቃ'ያ ናጽነታ ተጐናጺፋ። ኣብ 1993 ብድሌታ ዝገበረቶ ረፈረንደም ድማ፡ ኑቲ ብደም ዝተረጋገጸ መሰል - ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብዝኾደድ ሕጋዊ ፖለቲካዊ መሰርሕ መኾተምታ ንምግባር ደኣ'ምበር፡ ባሮኾት ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን - ኢትዮጵያ ይኹን ካልኣ ስለዘድሊያ ኣይነበረን። እዚ፡ ክወሓጥ ዘለዎ ጥረ ሓቂ'ዩ።

ዝ. ኣድማሳውን ሕጋውን መርገጺ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ኣብ ወርሒ ሓምለ 1991 ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝተኻየደን ኣህጉራዊ ዲፕሎማሲያዊ ማሕበረሰብ ዝተረኽበሉን ምምስራት መሲጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ መመሊሱ ብዘየኽላዕ ወርቃዊ ቃላት ብኣግኡ ኣነጺርዎ'ዩ። ገለ "ልሂቃን" ኢና በሃልቲ ዕሰብት ብልጽግና፡ ሎሚ - ድሕሪ ልዕሊ 30 ዓመታት፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንነበረ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ"ውዲት" እናወቐሱ ዘሰምዕዎ ዘለዉ ጫውጫዉታ እምበኣር፡ ትርጉም ዘይብሉ ንብዮት ሓርገጽ'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ስርዓት ብልጽግና፡ ልኡላዊ ግዘኣት ኤርትራ "ብውዲ ወይ ብግዲ" ንምሓዝ ዝንብሮ ዘሎ ታህዲድን ምንቅሳቓሳትን፡ ንመትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረር፡ ዘይሕጋውን ቀሉዕ ጥሕሰትን'ዩ። ንመሰኸት ባሕሪ ምስ "ታሪካዊ ምትእሰኣር"፡ "ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት"ን "ቀጠባዊ ረብሓታት"ን እናተኣሳሰርካ ንልኡላውነት ኤርትራ ዒላማ ጌርካ ዘደጋገም ኣሰልቻዊ ትረኻ'ውን፡ ካብ ወራር ዝፍለ ኣይኮነን። ሳዕቤኑ ድማ ከቢድ'ዩ።

ኤርትራ፡ ንሰላም ወትሩ ድሉውቲ'ያ። ሰላም ንኹሉ ዘርብሕ ብጽሒት ከምዝለዋ ኣማእዚያ ስለእትፈልጥ። የግዳኡ፡ ኣብ ልኡላውነታን ግዘኣታዊ ሓድነታን፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ሕድገት ወይ ልዝብ ከምዘይትገብር፡ ብዘየወላውል ቃላት ኣነጺራቶ'ያ። ተሞንዲዱ ንዘውዲ ልኡላውነታ ዝትንክ ወይልኡ! ሓጸውኖምን ብዘሐምን ኣሚናም - ንወራር ተሞንዲደም ዝመጹ ቀዳሞት ኣበይ ከምዝኣተዉ፡ ሕሉፍ ታሪኽና እኹል መወከሲ'ዩ።

ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ



ኣዘዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ብ18ን 19ን ሕዳር ንመራሕቲ፡ ኣውቶብሳት ከተማን ወሃቡቲ ትካላት መሻሻን መዕረይን ብዘኽሊታን፡ ኣብ ምክልኻል ገበኛ ሓደጋታትን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ሚጀር ሃብቱ ገብሩ፡ ብመራሕቲ ዓቢይቲ ኣውቶብሳትን ወሃቡቲ ብዘኽሊታን ዝኾነት ዘሎ ተደጋጋሚ ሓደጋታት ኣመልኪቱ፡ ድሕሪ ዘቐረቦ ብኡነቶትን ሰኽልታትን ዝተሰየጸ ጽብጹቡ ወሃቡቲ ብዘኽሊታን መራሕቲ ኣውቶብሳትን ድሕነት ተሳፈርትን ንምውሓስ ኣብ ዕሊታዊ ምንቅሳቓሳቶም ጥንቁቕነት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምቁጽጻር ሓደጋን መቐጻልነትን ኣቶ ኢሶቐ ያቆብ ብየነ፡ ብህጽኽ ክወገድ ዝኽኣል ሓደጋ ዝህነብ ሞትን ሰንኽልናን ብምግንዛቡ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ወሲዱ ደማ ብፍላይ ንትሕቲ፡ ዕድመ ደቀም ክምዕዱን ክቁጽጸሩን መኾኒሩ።



ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ተምሳስን ውጽኣትን

ተምሳሃን ወጽኣትን ልሙድ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕሞምታ ኮይኑ፡ ኣብ ገቦኻ ክሊ. ዕድመ ንዘርኒብ ሰብ ክጸሉ ይኽእል። መብዘኣተኡ ግዜ እዞም ክልተ ምልክታት ሕሞም፡ ኣብ ከሰፐ ወይ ኣምዖት ብዘርኣ ዝተፈላለዩ ሕሞምታ ከምኡ'ውን ዝተዘርከሰ መግቢ ብምምጋብ እየም ዝስዕቡ። ነዊዚ ምስ ገቦኻውን እቲ ምልክት ቀልጠፉ ድሕሪ መሊእታት ደው ክብል ደርኢ እዩ። እኽል ዕረፍቲ ምርኣብ ከምኡ'ውን ብዘበዘሐ ፈሳሲ ምውላድ ብሃሽ. ተምሳሃን ወጽኣትን ክሰዕብ ንገቶኦል ኘቶጸተሱበት (ድርቀት) ንምፍዋስ ደኣኦል እዩ።

ጠንቅታት ተምሳስን ውጽኣትን

ጠንቂ ዝተፈላለየ ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ እዋን ተምሳሃን ወጽኣትን ክረኣዩ ይኽእሉ እየም።

ኣብ ህጻናት፡ ኣብ ከሰፐ ገቹጠር ኻይረስ (stomach virus) ወይ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ኣምዖት (gastrointestinal infection) ቀንዲ ጠንቂ ወጽኣትን ተምሳሃን ኮይኑ ይመጽእ እዩ። እዞ ዓይነት ረኽሲ'ዚ. ብዙሕ ልሙድ ኣይኹን'ምር ንኣጽሕ'ውን የጥቅዕ እዩ።

ብዝበዘሐ ኣልኮሃዊ መስቱ ምውላድን ኣፍሰጽር ምጭንን ንባሱ ኣብ ሓደ እዋን ወጽኣትን ተምሳሃን ከሰፐ ይኽእል እዩ

ብኻይረስ ዝሰዕብ ነድሪ ኣምዖት (Viral gastroenteritis)

ብኻይረስ ዝሰዕብ ነድሪ ኣምዖት፡ ኣብ ኣምዖት ሕብዮን ረኽሲን እዩ ዝራኸር። እዞ ዓይነት ረኽሲ'ዚ. ብዘተፈላለዩ ዓይነት ኻይረስ እዩ ዝመጽኡ፦

- 'ኖሮኻይረስ' (norovirus)፡
- 'ሮታኻይረስ' (rotavirus)፡
- 'ኣደኖኻይረስ' (adenovirus)፡
- 'ኣስትሮኻይረስ' (astrovirus)።

እዞም ኩሉም ዓይነት ኻይረስ'ዚኣም ኣብ ገቦኻ ክሊ. ዕድመ ንዘርኒብ ሰባት ዘየቋዕኻ እንኮኾ፡ ብብዘሐ. ግና ኣብ ዕሸሉን እግሪ ተኾሊ. ህጻናትን ተደጋጋሚ ተምሳሃን ወጽኣትን የስዕቡ።

እዞም ዓይነት ኻይረስ'ዚኣም ዝተዘርከሉ መሳርሒታትን ኣቑሑ ገዚን ብምትንኻፍ ካብን ናብን ይመሓላለፉ። ቀልቀልን ተምሳሃን በዚ. ሕሞም'ዚ. ናይ ዝተሰኽፈ. ህጻን ብምትንኻፍ'ውን እቲ ቀንዲ መተሓላለፊኡ እዩ። እዞ. ዝቸኸሉ፡ እቲ ህጻን ወይ ኣለዩኡ ብዮጠእ ኣእዳዉ. ብጣይን ሳመናን ምስ ዘይሕጸብ እዩ።

ረኽሲ ኣምዖት ዘለዎ ሰብ ምስ ተምሳሃን ወጽኣትን ተወሃኺ. ዘርእያም ምልክታት፦

- ቃንዛን ምቑም'ቓቕን ከሰዉ፡
- ዕዋርዋር ምባል፡
- ረሲዚ ወዘተ ክጥቀሱ ደኣኦለ።

ምብኽል መግቢ. (Food poisoning)

ብዙሓ መግቢ. ሓደ ካብ ጠንቂ ረኽሲ. ኣምዖት እዩ። ምብኽል መግቢ. ብዘበዘሐ. ብቕሪኖያ እዩ ዝስዕቡ፡ ብወኒድ ቁጽሪ ይኹን'ምር፡ ብጽግዕተኛ (parasites) ከምኡ'ውን ብቫይረስ'ውን ክሰዕብ ይኽእል እዩ።

ብዙሓ መግቢ፡ ዝተመረዘ መግቢ. ብምምጋብ ዝርኣ ንህደወት ዝፈታተን ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እዞ. ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ኣብይተ መግቢ. ኪጋጥም ይኽእል እዩ። መግቢ. ብግብኢ እንዘዘይተታሕዙ ወይ ብግብኢ እንዘዘይተኸኺኑ ዝስዕብ ጸገም እዩ።

ብዙሓ መግቢ. ከሰዕቡ ዝኽእሉ ዓይነት ባክተርያ፦

- 'ኢ. ከላ.' (E. coli)፡
- 'ካምፕይሎባክተር' (Campylobacter)፡
- 'ሊስተሪያ ሞኖሳይቶጅነስ' (Listeria monocytogenes)፡
- 'ሳልሞነለ' (Salmonella)፡
- 'ሽጀላ' (Shigella)፡
- 'ስታፊሉኮከስ ኡረያስ' (Staphylococcus aureus) እየም ቀንዲ ይጥቀሱ።

ምልክታት ምብኽል ብምግቢ፡ እቲ መግቢ. ድሕሪ ምምጋቡ ኣብ ዘሎ ውሑዱ ሰዓታት እዩ ክርኢ ዝጅምር። ንምጥፍኡ. ዝወስድ ግዜ ደማ ካብ ወኽጠ. ሰዓታት ክሳብ ውሑዱ መዓልታት ይወስድ። ምብኽል ብምግቢ፡ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ብምኻኑ፡ ፍሉይ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዘድልየሉ።

ተምሳሃን ወጽኣትን ቀንዲ ምልክታት ምብኽል ብምግቢ. እየም፡ ብምግቢ. ዝተዘርከሰ ሰብ ዘርእዩ ተወሃኺ. ምልክታት፦

- ቅርጸትን ቃንዛ ከሰዉ፡
- ዕዋርዋር ምባል፡
- ረሲዚ፡
- ደም ኣብ ወጽኣት።

ብመጾ ዝሰዕብ ወጽኣት (Traveler's diarrhea)

እዚ፡ ካብቲ ክንትኮረሉ ዝጀናሕካ ዝተፈልየ ክሊማን ልምድታት ኣተሓሳሰብ ጸረሉን ናብ ዘለዎ ክብ. ምስ ገሸካ እዩ ዝሰዕቡ። ንመግቢ. ተኣፋፊ ምኽንን ኣብ ግዜ ጥኣሲ. ዘርኢ ናይ ኣመጋገብ ምቅይያርን'ውን ገለ ካብቲ ጠንቂ ተምሳሃን ወጽኣትን ኣብ ኣፍሰጽር ኮይናም ይጥቀሱ እየም።

ልዕሊ. ዓቕን ምምጋብን ምስታይን (Overeating or overdrinking)

ልዕሊ. ዓቕን ምምጋብን ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈሳሲ ምወላድን ኣብ ሓደ እዋን ወጽኣትን ተምሳሃን የስዕብ እዩ።

- ጸገም ምሕቃቕ መግቢ፡
- ቁሓርን ምቁጽል ኣፍ-ልብን፡
- ተደጋጋሚ ምጉሳቕ፡
- ምቁእኡት ዘይምርኻብ ገለ ካብኦም ሰዓቦም ዝመጹ ምልክታት'ውን እየም።

ተምሳሃን ወጽኣትን ብዘይ ረኽሲ

ረኽሲ ዘይብሉ ወጽኣትን ተምልሃን በኣም ዝሰዕቡ ኩነታት እዩ ዝኽእኡ፦

- ወፕርን ጭቓለኣትን፡
- ኣፍሰጽር፡
- ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕቑምናዊ ፍወሳ፡
- ብብዘሐ. መጉበን ፈሳሃን ብምወላድ።

ንቕጹተ-ጸብኦትን ካልኣ ተኽእሎታትን

ብሃሽ. ተምሳሃን ወጽኣትን ኣብ ሰብኦትና ክፍጠሩ ዝኽእሉ ሕልኽሊኾት ብዙሓት እየም። ቀንዲ ካብኦም ንቕጹተ-ሰብኦት (dehydration) እዩ። ድርቀት - ሰብኦትና ሐዚሙ ካብ ዝጸንሐ ፈሳሲ. ብብዘሐ. ንደገ ብምወጽኡ ዝሰዕብ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ድርቀት - ሞሀዮታት፡ ብኽኒታትን ኣሉትን ሰብኦትና ብምጽእ ከይዓጹ ይዕንቅጽም። ከም ሳዕቤኑ ኣብ ዕወላትን ሞትን ክንኣቱ ይኽብር።

እቲ ድርቀት ማእለይ እንተኾይኑ ኣብ ገዛ ክንክወሶ ይኽእል እዩ። ኣዝዩ ሓደጋ ደረጃ እንዘዪሉ ግና ኣብ ሕቑምና ጥራሕ እዩ ክፍወስ ዝኽእል።

ምልክታት ድርቀት ኣብ ናጽኣ እግሪ ተኾሊ. ዕሸሉን ህጻናትን፦

- ጸምኣት፡
- ትሕቲ ገብር ሸንኮ - ጨርቂ ሸንኮ ቀልዓ ምንም ከይጠልቀየ ንልዕሊ. ሰዓስተ ሰዓታት ምጽናሕ፡
- ምንቃጽ ኣፍ፡
- ዝቑልቀለ ዓይኒ ወይ ምዕባሪቲ፡
- ምንቃጽ ቁርበት ሰብኮ፡
- ሓይሊ. ምጉዳል፡
- ክኽኪ. እኽሎ ንዕዮት ዘይምርኣይ።

ድርቀት ዘለዎም ኣዋጽሕ ዘርኢዮም ምልክታት፦

- ምሐር ጸምኣት፡
- ዓቑን ሸንኮ ካብቲ ገብር ምጉዳል፡
- ምንቃጽ ኣፍ፡
- ምንቅልቃል ዓይንን ምዕባሪታን፡
- ምንቃጽ ቁርበት ሰብኮ፡
- ምንልኽላይ፡
- ምንጽርራውን ሕሞም ርኣሲ፡
- ምቦግው ሸንኮ ወዘተ።

ተምሳሃን ወጽኣትን ብሽመይ ንፍወሩ?

ብዙሕ ግዜ ተምሳሃን ወጽኣትን ብዘይ ዝኾነ ፍወሳ ኣብ ውሑዱ መዓልታት ባእሉም የቋርጹ እየም - ኣብዚ እቲ ጠንቂ ብዙሕ ክብድ ምስ ዘይነውን ማለት እዩ። ኣብ ገዝ ብኽንክቦ ክሽነ ብቑለሉ ክፍወስ ደኣኦል እዩ።

ዘቤታዊ ፍወሳ

ኣብ ሓደ እዋን ተምሳሃን ወጽኣትን ዘጋጠሞ ሰብ ኣብ ገዝ ክንክቦ ዝግባእ ክሽነ፦

- እኽል ዕረፍቲ ምርኣብ፡
- ካብ ወጥርን ጭንቀትን ዝኾኾፍዎ ነገራት ምዝርራ፡
- ብዙደጋጋሚ ብጣይን ሳመናን ኣእዳዉ. ምሕጻብ፡
- ብዝበዘሐ. ማይ ምስታይ፡
- ጨው ዘለዎም ደረቕ ነገራት ምምጋብ፡
- ሰብኣን ሸኪራዊ መንበታትን ነፀኡ'ውን ቀመም ዝበዘሐም መንበታት ካብ ምወላድ ምቁጣብ፡

መሳስ ናብ ዶክተር ንሽይድ፧

ህጻናት ናብ ሕቑምና ዝሽዩ፦

- እቲ ተምሳስ ክጽቋረጸ ንልዕሊ. ክልተ መዓልታት፡ እቲ ወጽኣት ደማ ንልዕሊ. ሸውዓት መዓልታት ምስ ዝጸንሐ፡
- ዝወሰዶ መግቢ፡ ብፍላይ ፈሳሲ. ንዝዘወሰ ሰዓታት ኣብ ከሰፐ ክጸንሕ ምስ ዘይተኽእል፡
- እቲ ሸኸል ናይ 3 ወርሒ. ዕድመ ሃልያዉ መቕት ኣኽለቱ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግረድ ምስ ዝበጽሐ፡
- እቲ ህጻን ኣብ ክሊ. ዕድመ ካብ 3 ወርሒ. ክሳብ 3 ዓመት ዝርኸብ ኮይኑ፡ ምስቲ ተምሳሃን ወጽኣትን መቕት ሰብኮ፡ 39 ዲግሪ ሰንቲ ግረድ ምስ ዝሽውን፡

ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኡ ህጻን ኮይኑ፡ ምስቲ ወጽኣትን ተምሳሃኒ፦

- ንቑጽ ልፋጫዊ መምብራና (dry mucous membranes) ምስ ዝህልዎ፡ ልፋጫዊ መምብራና ንዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብኮና ጨዊኡ ዝጋህወ ቀጸለ እዩ፡
- ኣኽለቱ ምስ ዘውድቕ፡
- ምሐር ቀጨወጨው ዘብል ሰሚት ምስ ዘርኢ. ተቕላጠፍና ናብ ሕቑምና ክሽየድ ይግባእ።

እኽል ሰብ ናብ ሕቑምና ዝሽየድ፦

- ነቲ ድርቀት ንምእላይ እኽል ፈሳሲ. ወሰዱ ክሰኑ ክጠልል ምስ ዘይተኽእል፡
- እቲ ተምሳስ ንልዕሊ. ክልተ መዓልታት፡ እቲ ወጽኣት ደማ ንልዕሊ. ሓደ ሰሙን ምስ ዘቑጽርኡ፡
- እቲ ተምሳስ ቀጠልያ ወይ ብዮጅው ዝነበ ምስ ዝሽውን፡
- እቲ ተምሳስ ደም ዝዘሓወሶ ወይ በናዊ ሕብሪ ዘለዎ ምስ ዝሽውን፡
- እቲ ወጽኣት ደም ምስ ዝሕወሶ ተቕላጠፍነ ናብ ሕቑምና ምኻድ የድሊ።





ብ ቀዳው ሰፍሙዘ ብሃሂፂ ዓለም ክ። እቲ ገዚ ብተ . . ናይ ብተሰብ ዝኽርኽቲ ዝኾነ (ንግርኣ ናጽኣ, ንፍርሂ ሃንሃ) ሽምጣ ዘይብሉ ብዘይብ ቀዳው ብዘይብ ብሰብ ሃንሃ ሰብ ሰብ ሰብ

ሓጎስ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ሓሳባት

ውሽጣዊ ዓቕምና ብዝግባእ ንፈልጦዶ፡

ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን

"እቲ ኣዝዩ ዘርዕደና፡ ጸልማትና ዘይኮነስ ውሽጣዊ ብርሃንና'ዩ።"

ኣብ ጥንታዊ ግሪኽ፡ ከምዚ ዝስዕብ እትብል ኣፈ-ታሪኽ ነይራ፤ ዝዮስ ሓደ እዋን ንሾሎም ኣማልኽቲ ኣኪቡ ምኽሪ ይሓትት ነበረ።

"ወዲ ሰብ ኣብ መሬት ድላዩ ዘበለ ነገራት ክዓየሉ ዝኽእል ተኣምራታዊ ምስጢር ክህቦ ድላየይ ኮነ፡ እንተኾነ እቲ ዝህቦ ምስጢር ብቑሊሉ ኣብ ዘይርከበሉ ቦታ ክቕመጥ ኣለዎ። ስለዚ ኣበይ ክሕባእ ከም ዘለዎ ምኽሪ ክትህቡኒ ምደለኹ፡" ክብል ሓሳቡ ኣቕረበ። ነቲ ሓሳብ እተቓወመ ብዘይምንባሩ፡ እቲ ዓቢ ምትሃታዊ ሚስጢር ዝሕብኣሉ ቦታ ንምውሳን ምይይጥ ምኽያድ ጀመሩ።

ሓደ ካብቶም ኣማልኽቲ፡ "ኣብ መዓሙቕ ውቅያኖሳት ክሕባእ ኣለዎ፡ " ክብል ሓሳቡ ሃበ። እንተኾነ ባህሪ ወዲ ሰብ እምብዛ ህንጡይ ብምኻኑ፡ ንመዓሙቕ ውቅያኖሳት ንምድህሳስ ድሕር ከም ዘይብልን ብቑሊሉ ከም ዝረኽቦን ዘረድኣ ሓሳብ መጽአ።

ካልኣ ካብ መንን'ቶም ኣማልኽቲ "ኣብ በሪኽ እምባ ክቕበር ኣለዎ፡ " በለ። እዚ'ውን ብዙሕ ዘሰማምዕ ኣይነበረን። ሳልሳይ ካብኣቶም ከኣ፡ "ኣብ ሓደ ሕቡእ በዓቲ ኣብ መንን ኣዕጻው ነንብሮ፡" በለ። እዚ ሓሳብ'ውን ቡቶም ኣኼበኛታት ተነጽገ።

ኣብ መወዳእታ ካብቶም ኣማልኽቲ እቲ ዝለበመ ከምዚ በለ፡ "ነዚ ተኣምራታዊ ምስጢር ኣብ መዓሙቕ ልቢ ወዲ ሰብ ነንብሮ። ምኽንያቱ፡ ወዲ ሰብ ካብ እዋን ቀልዕነቱ ኣትሒዙ፡ ብዛዕባ ግዳማዊ ነገራት ምድናቕን ምህንጣይን እንተ ዘይኮይኑ ናብ ውሽጡ ምጥማት ስለ ዘይምሃር፡ እቲ ተኣምራታዊ ሚስጢር ኣብ ውሽጡ ከም ዘሎ ክግምት ኣይክእልን'ዩ። ካብ መንነኡም ውሑዳት ጥራይ'ዮም ናብ ውሽጦም ክዕዘቡ ዝኽእሉ። ንሳቶም ከኣ ነቲ ሓይሊ ተጠቒሞም ዓቢይቲ ይኹኑ፡ " ክብል ምኽሩ ሃበ። ኮላቶም ከኣ በቲ ሓሳብ ተሰማምዑ። እንሆ ኾኣ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ፡ ኣዝዩ ግዙፍን ምስጢራውን ሓይሊ ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ መዓሙቕ ልቡ ተቐቢሩ ይርከብ።

* * *

ከምቲ እቲ ለባም ዝበሎ፡ ደቂ ሰብ ብባህሪና ካብ ናብ ውሽጥናን ዓቕምናን ምጥማት፡ ዝያዳ ብዛዕባ'ቲ ካብ ነብስና ወጻኢ ዘሎ ኮነታት ምዕዛብ'ዩ ዝቐለና። ኣብ ውሽጥና ዓቢ ዕቕር ሓይሊ ከም ዘሎ ኣይንርእዮን። ንግዳም እምበር ናብ ውሽጥና ንምጥማት ዘኽእል ዓይኒ እንውንን ውሑዳት ኢና። ስለዝኾነ ኾኣ፡ ንህይወትና ብውሱንን ድሩትን ዓቕሚ ንኑብራ። ብልዑል ፍጥነት ክንሕንበበሉ ዘኽእለና ሓይሊ እንውንን ክነስና፡ ብዘገምታ ንንዓዝ። እቲ እንጥቀመሉ ዓቕሚ ምሉእን ናይ መወዳእታን ዓቕምና እናመሰለና ኾኣ፡ እሱራት ናይቲ ባዕልና ዝፈጠርናዮ ማሕየር ንኾውን።

ሓደ ሰሙ ክዝክሮ ዘይከኣልኩ ጸሓፊ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፤ "ዝበዝሐ ሰብ ልክዕ ብትሑት ፍጥነት መኪና ከም ዝዝውር ሰብ'ዩ። ማርሽ ብምቕያር ጥራይ ክሕንበብ ዝኽእል ክንሱ፡ ብዘገምታ ይንዓዝ። ብተመሳሳሊ ዝበዛሕና ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓይሊ ስለ ዘይንፈልጦ፡ ቡቲ ውሱን ዓቕምና ጥራይ ንነብር።" ኣስዒቡ ኾኣ ከምዚ እናበለ ይሓትት፤ "ኣብ ውድድር ጉያ ተሳቲፍካ ትፈልጥዶ? ንእተወሰነ እዋናትከ ብምሉእ ዓቕምኻ ዝሰራሕካሉ እዋን ትዝክርዶ? ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ነዊሕ ርሕቀት ሓንቢሰካ ትፈልጥዶ? መጀመርታ ክትፍልም እንከለኻ ትህኪት ወይ ድኻም ክስመዓካ ይኽእል። ኣብ ገለ መድረኽ'ውን ኣብቲ ናይ መጨረሽታ ደረትካ ዝበጻሕካ ይመስለካ። እናቐጸልካ ብዝኾድካ ግና፡ ካልእ ካብይ ከም ዝመጽኣ ዘይፈለጥካዮ ሓይሊ ይውሰኽካ። መንፈስካን ኣካልካን ብኣዝዩ ዓብን ውዕዉዕን ሓይሊ ይምላእ። ድኻምካ ይጠፍኣ። ብፍጥነትን ሓይልን ከኣ ትምላእ። ኣብ ውሽጢ ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ኣዝዩ ግዙፍ ዕቑም ወይ ሓይሊ ኣሎ። እቶም እንርድኦን እንጥቀመሉን ግና ውሑዳት ኢና።"

ኣብ መንነና ግና ገለ ናብ ውሽጦም ምጥማት ዝኽእሉ ሰባት ይቕልቀሉ'ሞ፡ ነቲ ዕቑር ዓቕሞም ተጠቒሞም ተኣምራት የርእዩና። እቶም ምስጢር ዓለም ኣብ ግዳም ዝርከብ መሲሉና ለይትን መዓልትን ኣብ ምንዳይ እንሃልኻ ከኣ፡ ነቲ ርኽበታቶም ክንድነቐሉን ንያኦም ክንምጉሰን ንነብር። እቲ ዓቕሚ ብማዕረ ምስ ኮልና ከም ዘሎ ስለ ዘይንግንዘብ፡ ብዕድሎም ንቐንእ። ሰኣን ናብ ውሽጥና ቀሊሕ ምባልን ኣብ ዓቕምና እምነት ዘይምህላውን ከኣ ከም ሕልምና ከይኮንና ንህይወት ንሰናበታ።

ብረይን ትሬሲ እተባህለ ዕዉት ተመራማርን ጸሓፍን ዓውዲ ሰነ-ልቦና፡ *Tapping your subconscious mind* ኣብ ዘርእስታ ጽሕፍቱ ከምዚ ይብል፤ "ኣብ ዝኾነ እዋን (ዋላ'ውን ኣብዛ ህሞት) ከም ልዑል ክእለት እትውንን ኮምፕዩተር (Super Computer) ክምሰል ዝከኣል ሓይሊ ኣብ ውሽጥና ኣሰኪኡ'ሎ። በዚ ሓይሊ'ዚ ዝኾነ ጸገም ክትፈትሕ ሽግራት ክተወግድን ባዕልኻ ዝሰኣልካዮ ሽቶ ክተዐውትን ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ፡ እዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ ብብዙሓት ሰባት ኣብ መዓላ ውዒሉ'ዩ። ካብ ፍጹም ድኽነት ናብ ሃብቲ፡ ካብ ሕሰምን ውድቀትን ናብ ብልጽግናን ዓወትን፡ ካብ ኣሰልቻውን ዘይሕጉሰን ህይወት ናብ ዕግበትን ሓጉሰን መሪሑ'ዩ። ንዓኻ'ውን እዚ ሓይሊ'ዚ ዝደለኾዮ ዘበለ ክገብረልካ ይኽእል'ዩ። እዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ እተፈላለየ ቦታን ብእተፈላለየ ሰባትን ብዙሕ ሲያመታት ወይ መጸውዒታት ኣሎዎ። ናይ ዝበዝሐ ሃይማኖታት፡ ፍልስፍናታትን ሚታ-ፊዚካዊ ኣስተምህሮታትን መሰረታዊ መትከል'ውን እዩ።

እዚ ሓይሊ'ዚ ብእተፈላለዩ ክኢላታትን ጸሓፍትን ነንበይኑ መጸዊዒታት'ዩ ዝወሃቦ። ካርል ጃንግ፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ 'ልዕለ ንቑሕ ሓንጉል' (Superconscious mind) ዝብል ሲያመ ሂብዎ ነይሩ። "ወዲ ሰብ ኣብ ዝሓለፈ መዋእላት ዘርኣዮ ጥበብን ዝበጽሖ ፍልጠትን ኣብዚ'ዩ ተኸዚኑ ዝርከብ። ንኾሉ ሰብ ከኣ ብማዕረ'ዩ ዝብጽሖ፡" ክብል ከኣ ይገልጾ።

ናይ 20 ክፍለ-ዘመን ዝዓበየ ተመራማሪ ዓወትን መስራቲ ስነ-ፍልጠት ዓወትን ዝኾነ ናፖልዮን ሂል፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል ን500 ኣብ ህይወት ኣዝዮም ዕዉታት ኣመራካውያን ብደቂቕ ቃለ-መሕትትን ዓሚቕ መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያዱ፡ እቲ ዓቢይቲን ተኣምራታውን ዓወታት ከመዝግቡሉ ዘኽእሉም ምስጢር ነቲ ዘሎዎም ዕቑር ዓቕሚ ብዝግባእ ብምምዝማዝም'ዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሑ። ነቲ ኣብ መዓሙቕ ነፍሲወከፍ ሰብ ዝርከብ ሓይሊ ኾኣ፡ 'ደረት ኣልቦ ብልሒ' (Infinite intelligence) ክብል ጸዊዕዎ።

እዚ ደረት ኣልቦ ውሽጣዊ ዓቕሚ፡ ኣብዛ ዓለም ናይ ዝተራእየ ኮሉ ድንቂ ፈጠራታት ምኽንያት'ዩ። እቶም ናይ ዓለምና ብሉጻትን ዓበይትን ሰባት፡ ነዚ ዓቕሚ'ዚ ስለ ዝበርበርዎን ኣብ መዓላ ስለ ዘውዓልዎን'ዮም፡ ኣገራሚ ፈጠራዊ ውጽኢትን ምህዞታትን ከበርክቱ ክኢሎም። ጸሓፍቲ፡ ዓበይቲ መሃዝቲ፡ ተመራመርቲ፡ ስነ-ጥበበኛታት፡ ኣቀናበርቲ መዚቃ... ዝሰርሕዎ እጹብ ድንቂ ፈጠራ፡ ውጽኢት ናይዚ ሰዉር ሓይሊ'ዩ።

ቶማስ ኣልቫ ኤዲሰን፡ ልዕሊ 1000 ምህዞታት ብምብርካት ንህይወት ኣመራካውያንን ዓለምን መበል 20 ክፍለ-ዘመን ናብ እተፈለየ ጥርዚ ኩብጽሖ ዝኾኣለ ነዚ ሓይሊ'ዚ ብምጥቃሙ'ዩ።



ኣብ ቀረባ ሕሉፍ፡ ዊልያም ጌት ነተን ናይ መጀመርታ ኮምፕዩተራት፡ 'MS-DOS' ዝሰመዮ ፕሮግራም ብምምሃዝ ኣብቲ ዓውዲ ሰውራዊ ኣበርክቶ ገይሩ። ንሱን ፖውል ኣለንን ነቲ ፍጹም ፍሉይ ዝኾነ ፕሮግራም፡ ነቲ ቀዳማይ ዓዳጊ ንምዝርራብ ብነፋሪት ኣብ ዝንዓዙሉ ዝነበሩሉ እዋን'ዮም ጽሒፎሞ። እዚ ሎሚ ሓደ ካብቶም ሃብታማት ዓለምና ዝኾነ ቢል ጌትሲ፡ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ውሽጡ እተኹየጠ ሓይሊ'ዩ። ባኽ፡ ቤትሆቨን ከምኡ ኾኣ ብርሃምስ፡ ነዚ ልዕለ-ንቑሕ ኣእምሮኣም ብምብርባር'ዮም ናይ ዓለምና ዝመቀረ መዚቃዊ ስራሕ ከበርክቱ ዝኾኣሉ። ናብዚ ውሽጣዊ ዓቕሙ ብዝግባእ ስለ ዝጠለቐ'ዩ፡ ሞዛርት ነቲ ንዓለም ዘበርከተላ ምኡዝ መዚቃታት ኣብ ኣእምሮኡ ክርእዮን ክሰምዖን ዝኽእል ዝነበረ። ሞዛርት፡ ነቲ ዝርኣዮ ዝነበረ መዚቃ ደጋጊምካ ምጽሓፍ የድልዮ ኣይነበረን። እቲ ናይ መጀመርታ ጽሕፈቱ፡ እቲ ናይ መወዳእታ'ዩ።

እቲ ቀንዲ ውሽጣዊ ዓቕምና ካብ ምልላይን ብምሉእ ዓቕምና ካብ ምውሳእን ዝዓግተና ኣተሓሳስባና'ዩ። ብዙሕ እዋን ንነብስናን ዓቕምናን ደረት ንገብረላ። ንገዛእ ርእሰናን ዓቕምናን ኣንኢሰና ንርእያ። ሰብ ከኣ ውጽኢት ኣረኣእያኡ እዩ። እቲ ንእሽቶ'የ ኢሉ ዝኣምን፡ ንእሽቶ ኮይኑ ይጸንሕ። እዚ ጸገም ብቑንዱ ምስ ዘይቅኑዕ ኣተዓባብያ፡ ኣንፈትካ ብዝግባእ ዘይምፍላጥ፡ ስእነት ርእሰ-ተኣማንነትን ርእሰ-ክብርን ዝተኣሳሰር እዩ። ፍርሒ'ውን ሓደ ካብቶም ዓጋቲ ጸገማት'ዩ። ብ1994 ኔልሰን ማንዴላ ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ኮይኑ ክሰርሕ ቃለ-ማሕላ ኣብ ዝፈጸመሉ ኣጋጣሚ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ፤ "እቲ ዝዓበየ ፍርሕና ልዕሊ መጠን ሓያላት ምኾንና እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘርዕደና ከኣ ጸልማትና ዘይኮነስ፡ ውሽጣዊ ብርሃንና'ዩ።"

ካብዞም ዕንቅፋታት ተናጊፍና ውሽጣዊ ዓቕምና ከነለሊ ዘኽእለና ቀዳማይ መገዲ፡ ብልክዕ እንታይ ንደሊ ከም ዘለና ምውሳን'ዩ። እዚ ኣበሃህላ ኣገራምን ቀሊልን ክመስል ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ህይወትና ብልክዕ እንታይ ከም ዘድልየና ከይፈለጥና ኢና እንንዓዝ። እቲ ዓቕምና'ዩ ኢልና እንኣምኖ'ውን፡ እቲ ዝበለጸ ዓቕምና ጌርና ንርድኦ። እንተኾነ ዓቕምና ደረት የብሉን። እንታይ ክንዓዩ ከም እንደሊ ኣጸቢቕና ብምውሳንን ሽቶና ብምስኣልን ከነቐምጦ ኣለና። ብድሕሪ'ዚ ነቲ ኣዕናዊ ነብስና ናይ ምድራት ልማድና ክንኣልዮ ይግባእ። ካብቲ ጠሚሩ ሒዙና ዘሎ ልሙድ ኣተሓሳሰባ ብምውጻእ፡ ንነብስና ሓራ እንተጌርናያ (ሓራ ካብ ሓጹራትን ደረታትን)፡ ንነገራትን ኩነታትን ካብ እተፈለየ ኮርናዕ ክንጥምቶም ኣይንሸገርን ኢና። ኣብ ውሽጥና ዓቢ ሓይሊ ከም ዘሎና ስለ እንርዳእ ከኣ፡ ኩቶ ዝድርተና ፍርሒ ኣይክህልወናን'ዩ። ሻቡ እቲ ዕቑር ዓቕምና ብግደኡ ምውሳእ ክጅምር'ዩ። ዓበይትን ደረት ኣልቦን ምኽንና ስለ ዝኣመንና ጥራይ - ዓበይቲ ኪንና ክንርከብ ኢና።

ነዚ ዘረጋግጹልና ብዙሓት ኣብነታውያን ሰባት ኣለዉ። እቲ ዓቕሚ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ውሽጥና ከም ዘሎን ክንድህሶ ከም ንኽእልን ንምርዳእ ግና ናይ ክልተ ደቓንስትዮ ሰኣልቲ ታሪኽ ክንወስድ። ብላይን ስሚዝ እተባህለ ሰብ ከምዚ ክብል ኣብነት ሂቡ ነይሩ፡ "ሓንቲ ጓል 65 ዓመት ንፈለማ እዋን ናይ ስእሊ ብራሽ ዘልዓለት ሰበይቲ እፈልጥ። እታ ሰብ ኣብቲ ዝሰዓበ 15 ዓመታት ሓደ ደርዘን ዝኾውን ሃገራዊ ሽልማታትን ብናይ ሚሪላንድ ናይ ደቓንስትዮ ክበብ እተወደበ ናይ ቅርጻ መሬት ሃገራዊ ውድድር ቀዳመይቲ ተዓዋቲት ክትከውን በቐዐት። ኣብ ካልእ ናይ ደቓንስትዮ (ናይ ኮሉ ዕድመ) ውድድር ተሳቲፋ'ውን ዓወት ክትጐናጸፍ ከኣለት። እታ ሰበይቲ ኣደይ'ያ።'

ካልእ ዓቢ ተመኮሮ ዘርኣየት ውርይቲ ሰኣሊት'ውን ከም ኣብነት ክትቀርብ ትኽእል'ያ። ኣና ሜሪ ሮበርትሰን ሞሰስ ትብሃል። እታ ዝያዳ ብ'ግራንድ ማ' እትፍለጥ ሰበይቲ፡ ንነብሳ ስእሊ ክትምህረሉ ዝጀመረት እዋን እምብዛ ኣገራሚ'ዩ፣ ኣብ ሰብዓታት ናይ ዕድሚኣ። ግራንድ ማ ሞሰስ፡ ሓንቲ ካብ ፍሉጣት ቀባእቲ 'ፎልክ ኣርት' ናይ መበል 20 ክፍለ-ዘመን እያ።

ስለዚ ውሽጣዊ ዓቕምና ንምብርባርን ኣብ መዓላ ንምውዓልን ውሱን ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎ ኣይኮነን። ዓቕምና ንምብርባር ተበግሶ ጥራይ'ዩ ዘድልየና።

ፍትሒ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፊደሩዝ ኣወል ከር ሰዒድ፡ ተኸሳሲ ኢብራሂም ሰሌማን ዓሊሸምን ደሃይ የብሊሮን ሰለ ዝበሃት፣ ብሉኣል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ቀረቡ፡ እንዘሀይቀሪቡ፡ ጉዳይነ ኣብ ዘጸለኻሉ ክረአ ምኽኑ ንሕቡር፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣስቴር ሃይለ ተስፋይ፡ ወለድና ሃይለ ተስፋይ ንዑኡን ለተማርያም በራኺ ነፍለን ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ኣቶ ሃብተማርያም ተኽለሃይማኖት ኣስፍኡ ወደይ ናህም ሃብተማርያም ተኽለሃይማኖት ሰለዘተሰወኡ፡ ኣነ ወላዲኡን ኣዲኡ ወ/ሮ ኑብያት ተስፋይ ንብረትንኡን ወረስቲ ናይ ወደና ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣልዳና ጺጋይ መሃመድኑር ምላል ተሰፉ፡ ኣልዳና መሓመድ ነጋሽ ተሃጊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ኣቶ ሰረክ ተስፋይ ኪዳኔ ኣባይ ተስፋይ ኪዳነ ሰባሁን ኣይይ ሓዳስ ሰመረ ወልደገያርገሰን ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኽነይ ይረጋጽለይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ32 ይቕረቡ፡

መሓሪ ክብርማኤ ወደይ ኢሰቫ መሓሪ ክብርማኤ ሰለዘተሰወኡ ምስ ብጹልቲ ቤተይ ጥራይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ዲቮራ ወልደትንሳኤ ሰምኦን ኣባይ ወልደትንሳኤ ሰምኦን ንብረትግዝኣብሀር ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኽነይ ይረጋጽለይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ሸመንዲ ጺጋይ ብርሃነ ምላል ተሰፉ፡ ሸመንዲ ጺጋይ ብርሃነ ተሃጊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ49 ይቕረቡ፡

ኮሰኒት ፍርቱና ኣሰፋው እምባፍራቹ ተኸሳሲ በራኺ ሃይለሚኪኤል ሃብቱ፡ ክሲ ቀረብልካ ሰለዘሎ፡ ብሉኣል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋኺያ ቁ38 ቀረቡ፡

የሴፍ ሃይለ ተስፋጸየን ብጾልቲ ቤተይ ሂወት ወልዳይ ተስፋጋብር ሰለዘረፈሩ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወደና ደማ ወረሲ ምኽኑ ደረጋጽሉ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ናህም መልኣከ ተወልደ፡ ኣዴና ገዛት ተስፋጸን ንብረማርያም ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ47 ይቕረቡ፡

ኣዞሚት ንብረያሃነ ሰኡሉ ኣደይ ሰሳነ ኣይንኣለም ጨርሔጨን ሰለዘረፈሩ፡ ንወላዲና ንብረያሃነ ሰኡሉ ናይ መጀምዲ መሳሉ ይተሓለወለ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ሳልሞን ዳዊት ተስፋእዘጊ ምላል ተሰፉ፡ ሰለመን ተኽለ ወልደሰላሴ ፣ ሰም ኣደይ ድማ ኑቢያት ተስፋይ ምላል ተሰፉ፡ ሳብ ሰረቐ ያእቑቡ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ49 ይቕረቡ፡

ሰመረኣብ ፍጹም ዛይድ ምላል ተሰፉ፡ እሰይ ፍጹም ዛይድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን18/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ47 ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሚሉት መላሃን ኣረፋይነ ምላል ተሰፉ፡ ሚሉት መላሃን ኣፈና ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኢያሪ ኣሰመላሽ ሃብተማርያም ምላል ተሰፉ፡ የርሳሌም ኣሰመላሽ ሃብተማርያም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣሸርም ጎይትኣም ኣይንኣለሚ፡ ሰም ኣደይ ምሕረት ዓንደብርሃን ምላል ተሰፉ፡ ምሕረት ዓንደማርያም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኪዳነ ብርሃነ ብሰራት ምላል ተሰፉ፡ ቤንሀር ብርሃነ ብሰራት ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣለኸት ሃብየም ባሃኡ ምላል ተሰፉ፡ ኣለኽሳንደር ሃብየም ባሃኡ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ማሰለ ዳኢል ተኽለ ምላል ተሰፉ፡ ማዜላ ዳኢል ተስፋይ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰኻር ዳኢል ተኽለ ምላል ተሰፉ፡ ሰኻር ዳኢል ተስፋይ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ/ት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ዳዊት ኣብርሃ ኪዳነ ምላል ተሰፉ፡ ዳዊት ኣብርሀ ኪዳነ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን14/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ለተየሱስ ኣብርሃም ንብረትንኡኬ ምላል ተሰፉ፡ ለተየሱስ ኣብርሃ ንብረትንኡኬ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ፍጹም ዘሚክኤል ክብረኣብ ሓፍተይ ሳብ ዘሚክኤል ክብረኣብ ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሚርታ ሃብተሰላሴ ዘሚክኤል ምላል ተሰፉ፡ ሰና ሃብተሰላሴ ዘሚክኤል ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሳራ ተስፋት ካሕሳይ ምላል ተሰፉ፡ ሳሮን ተስፋት ካሕሳይ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቻ እምባደርሆ

ሰለመን ተስፋኣለም ዘርኢ ምላል ተሰፉ፡ ሰለመን ተስፋኣለም ሚርማይ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰዒት ተስፋኣለም ዘርኢ ምላል ተሰፉ፡ ሰዒት ተስፋኣለም ሚርማይ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰዒዳ መሓመድ ሮሞዳን ምላል ተሰፉ፡ ሰዒዳ መሓመድሮሞዳን ኣሕመድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣኽበረት ወልደንብርኤል ተስፋማርያም፡ ብጾል ቤተይ ንብረያሃነ ወልደገብረን ደስታ ሰለዘረፈሩ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ መብራት ንብረትንኡኬ ተስፋይ፡ ኣደይ ተብርህ ዘርኢ ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ጉይትኣም ገብረገርግስ በርሀ፡ ጓል ሓወየ ኣስፋሽ ኣብርሃ በርሀ ሰለዘረፈሩ፡ ኣነ ወዲ ሓወየኣ ወረሲ ምኽነይ ይረጋጽለይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኮሰኒት ፋና ኣስፋው ንብረኣምላኽ፡ ተኸሳሲ ዓሊ ጀማል ዓሊ፡ ብመሳል መቐጣ መካና ናይ ሰኔት 12/11/20 ዓም ሰም ምስየጋር ዝብል ክሲ ቀረብልካ ሰለዘሎ፡ ብኣኽል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን13/1/27 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ፡ እንዘሀይቀሪቡ፡ ጉዳይነ ኣብ ዘጸለኻሉ ክረአ ምኽኑ ኽፍልጥ፡

ኮሰኒ ማዕድን ሚርማይ ጺጋይ፡ ተኸሳሲት መቐረት ዘሚክኤል ንብረያና፡ ናይ ሓጺር ክሲ ቀረብልካ ሰለዘሎ፡ ብኣኽል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን20/1/2027 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ፡ እንዘሀይቀሪቡ፡ ጉዳይነ ኣብ ዘጸለኻሉ ክረአ ምኽኑ ኽፍልጥ፡

ወ/ሮ ጸጋኖና ንብረ ንብረኪዳን ብጾል ቤተይ ሚርማኤል ታሪረ ወልደሚኪኤል ሰለዘረፈሩ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኂላ

ወ/ሮ ወደኒ ዳዊት ንብረማኤል፡ ብጾል ቤተይ ምሕረትኣብ ኮስተ ንብረርግስ ሰለዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሃት፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን21/1/27 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰምኦን ዮሃ ተስፋማርያም ምላል ተሰፉ፡ ሳሙኤል ዮሃ ተስፋማርያም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሃ፣ ዝቃወም እንተለው፡ ን21/1/27 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ብዝም ዑቕባዊ ሃይሊ ብዙፍዋን ASL00033071 ዝተዋህ ኣብ ዞባ ማእከል ንዞባ ዕዲጋ ሓመሳ ንደና 116-1 ቁጽሪ – ዝርጋብ ናይ ቤት መጓጠን መሳተን ትካሊይ፡ ንኣቶ ሃቤል ተኽኤ ተኽሉ ኣድሪኻ ዞባ ማእከል ንዞባ ዕዲጋ ሓመሳ ንደና 115-1 ቁጽሪ 108 ካብ ዕሰት 01/03/2026 ክሳብ ዕሰት 30/03/2030 ኣኀርያዮ ሰለ ዘለኽ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕሰት ኣብ ወኽቲ ሰሳሳ መጫለቲ፡ ሰልጣን ዝሰጦዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርቡ፡ እንዘሀይቀሪ፡ ዝቃወም ኣኽል ከምዝዀለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ወዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኽፍልጥ፡

ዑቕባዊ ሃይሊ ወልደየወሃነስ ደስታ

ብዝም ተኸሳሲ ዑቕባይ ሃይሉ ብዙፍዋን ASL00044406 ዝተዋህ ኣብ ዞባ ማእከል ንዞባ ገጀረት ንደና መንደፈራ 752-3 ቁጽሪ – ዝርጋብ ናይ ደቂን ትካሊይ፡ ንወ/ሮ ለተኺዳን ንብረትንኡኬ፡ ኣድሪኻ ዞባ ማእከል ንዞባ ገጀረት ንደና 7582-10 ቁጽሪ – ካብ ዕሰት 01/04/2026 ክሳብ ዕሰት 30/04/2028 ኣኀርያዮ ሰለ ዘለኽ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕሰት ኣብ ወኽቲ ሰሳሳ መጫለቲ፡ ሰልጣን ዝሰጦዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርቡ፡ እንዘሀይቀሪ፡ ዝቃወም ኣኽል ከምዝዀለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ወዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኽፍልጥ፡

ተኸሳሲ ዑቕባይ ሃይሊ

ምልክት
ናድነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መርሃዊት ኣለም መብረሃቲ ምባል ተሪፉ መርሃዊት ኣለም ምሕረቱ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣቶ ሃብተየም ተወልደ ገብረክሪስቶስ ብየልቲ ቤተይ ገት እምባየ ወለህሳኤ ስለዘየረፈት፣ ንዓይ ናይ መጀመዲ መሳሊይ ይተሓለወሊይ፣ 3 ደቓና ደማ ወርስቲ ምኻናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣልጋሽ በርሀ ሃብተጸየን ምባል ተሪፉ ኣልጋሽ ተስፉሚኤል ሃብተጸየን ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኻላ

ምስጋና ገብረእግዚኣብሄር ፍሰሃ ምባል ተሪፉ ሚሪን ገብረእግዚኣብሄር ፍሰሃ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን21/1/27 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሓበን ተወልደ ቦኽረጼን ምባል ተሪፉ ልዋም ተወልደ ቦኽረጼን ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን21/1/27 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ኑራዓይኒ መሓመድ ኣማን ምባል ተሪፉ ኑራዓይኒ መሓመድኣማን ሰዒድ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ኑራዓይኒ መሓመድ ኣማኑ ሰም ኢደይ ፋጥማ ብዙር ኑሩ ምባል ተሪፉ ፋጥማብዙር ኑሩ ሰዒድ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ኣለም ሓይራ ዕቑባስላሴ፣ ብዖል ቤተይ ዛይድ ብርሃነ ተስፉሚኤል ስለዘተሰወኑ ንዓይ ናይ መጀመዲ መሳሊይ ይተሓለወሊይ፣ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ወ/ሮ ከበደሽ ኣብርሃም ብመንዲ ወኪሉ ጓለይ ዑቕባ ፍረዘኪ ገብረስላሴ ስለዘየረፈት፣ ኣነ ወኣዴታ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጊልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን14/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሓመድ ኣማን ዑመር ምባል ተሪፉ መሓመድኣማን መሓመድ ዑመር ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሰም ትዕድመ ጓልና ደምያና ጃዕፈር ዑስማን ምባል ተሪፉ መና ጃዕፈር ዑስማን ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ጠዓመ ተኽልኣብ ገብረሂወት ምባል ተሪፉ መትዛል ተኽልኣብ ገብረሂወት ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ቀድስቲ ባህታ ሓደራ ምባል ተሪፉ ቀድሽ ባህታ ሓደራ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድ ዓሊ ሚሕሙድ መሓመድ ምባል ተሪፉ ዓሊ ሚሕሙድ መሓመድ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሚሕሙድ ዑስማን መሓመድ ምባል ተሪፉ ሚሕሙድ ዑስማን ሓምድ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሉ፣ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ንኣልይ ሚዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ ኣብምልትን ፍረታትን ሲጋ እንቋቒሑ ሆላንድ ፍሩይ፣ ዝተቓመመ በርጋረ ፡ ጸባ ኩቡቲ፣ መሰኽቲ ሚን መጥሓኒ እኽልን

ኣሃዱ፦ ዞባዊ መመሓሰ ሆ/መንደፊራ፣ ቤት ተሓጋገዝቲ ሄርስ መንደፊራ፣ ኮማዊ ሆ/ድባርዋ፣ ኮማዊ ሆ/ዓረቱ ሆስፒታል ዓዲ ኻሴ፣ ኮማዊ ሆ/ኣውሓ፣ ሆ/ደቀምሓረ፣ ክ/ሆ/ሰከይቲ፣ ሆ/ዓዲ ቀይሕን ሆ/ሰንዓፈን

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረበ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ኣብ ትሕቲኡ ንዘርኣብ ሆስፒታላትን ቤት ተሓጋጋዚ ሄርስን ንሕመማትን ተማሃሮን ኣገልግሎት ዝወሰኽ ቀረበ መግቢ ኮሚርት ስለ ዝደለዮ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም።

ተጣሪታቲ ኮምልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረበ መግቢ (ኣብምልትን ፍረታትን ሲጋ እንቋቒሑ ሆላንድ ፍሩይ፣ ዝተቓመመ በርጋረ ፡ ጸባ ኩቡቲ፣ መሰኽቲ ጥሸን መጥሓኒ እኽልን) ብጽሑፍ ደቡባዊ ኮቕርቡ ይዕድም።

2. ተጣሪታቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025 ናጻ ካብ ዕዳ ናይ ኢታዊ ወሽጠ. ሃገር ቅዳሕ መሸጦን ቅብሊት ናይ ፕሮፎፒማ ዘቐንፈልሉን የቕርቧ።

3. ብቑዓት ተጣሪታቲ ዘየምለሰ ጥረ ገዝዘበ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፈሉም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።

4. ጨረታ ኣብ ታሕቲ ብዘሎ ኣድራሻን ዕለትን ሰዓት 09፡45 ቅ.ቀ ክዋጸሕ ይግባእ፣ ጨረታ ተጣሪታትን ሕጋውያን ወኽልትን ኣብ ዝተርኽበሉ ኣብ ታሕቲ ተሓብሩ ብዘሎ መሳረት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብሞልጺ ይኽፈት።

5. መኽበሪ ጨረታ ዝምለሰ ንኣብምልትን ፍረታትን ሲጋን ነክሲ.ወክፉ 50,000.00 ን እንቋቒሑ ገፍሮ በርጋረ ምስ ቀመሙ ጸባ ኩቡትን ነክሲ.ወክፉ 20,000.00 ከምኡ'ውን ንመሰኽቲ ጥሸን ንመጥሓኒ እኽልን ኩኣ 10,000.00 ናቕፋ ብሸርኦ (CPO) (ብዘወሃኽ. ቅዳሕ ሰርኦ) ሒዝም ኮቕርቧ ይግባእ።

6. ተጣሪታቲ ኑቲ ዝተዓወተሉ ዓይነት መግቢ ብሩቱ መጥዓዚያ ናብ ዝተዓወተሉ ትካል ጥዕና የብጽሕ።

7. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ብምለእ ወይ ብሸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሳሉ ዝተሓለወ እየ።

8. ምለእ ሓበሬታ ናይ'ዚ ዝቐየድ ጨረታ፣ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጸእ ምልክታ ክትወቱሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሃኺ ሓበሬታ

1. መወዳደሪ ቅጥዒ ጨረታ (ፕሮፎፒማ/proforma) 2027 ካብ ዞባዊ መመሓሰ. ሆስፒታል መንደፊራ ቁጽሪ 20 ብዘወሃኽ. ካብ ሆ/ዓዲ ኻላ ደቀምሓረ ዓዲ ቀይሕን ሰንዓፈን ኣብ ናይ ሰራሕ ሰዓታት ክትወሰዱ ትኽእሉ።

2. ጨረታ ዝቐየደሉ ዕለታት መንደፊራ 03/12/26 (ናይ ኣብምልትን ፍረታትን ዝተቓመመ በረበረ መሰኽቲ ጥሸን ከምኡ'ውን ኣብ ኮማዊ ሆ/ድባርዋ ናይ ኣብምልትን ፍረታትን ገዲፍካ ኣብ ናይ ካልኦት ዓይነት ቀረበ መግቢ ክትጣረቱ ትኽእሉ) ደቀምሓረ 04/12/26 ዓዲ ቀይሕ 02/12/26 ሰንዓፈ. 01/12/26 (ኣብ ከሉ ዓይነት ቀረበ መግቢ ጨረታ ክቐየድ እየ)

3. ተጣሪታቲ ተወሃኺ ሓበሬታ ምስ ዝያልዩ፦

3.1 ካብ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ቁጽሪ 12(611130) ክወቱሉ ይኽእሉ።

3.2.ሓበሬታ ብኣኽል ይኹን ብቴሌፎን ምወቱስ ይክኣል።

ኣብ ዞባ ማእኸል ንኡስ ዞባ ፓራዳዞ ጎደና – ቁ.ዝ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00034535 ናይ ድኳን ትካለይ፣ ንኣቶ ጴጥሮስ ሃይለስላሴ ያሬድ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእኸል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 184-1 ቁ.ዝ 16 ብዕለት 19/08/2026 ቁመዝ 149/2026 ብወሃብዎ ስለዘሎኹም፣ ብዝም መዝ. ዕዳ ዝኾፈሎ ዕዳ ኣሊኒ ወይ ይግባኢኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕስት ጀሚሩ ክሳብ ሰሳ መዓልቲ፣ ሰልጣን ዝዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፣ እንዘይቀርብ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዝዀለ ተቑጺሩ ናብ ዝዀነ ተረኽቢ ከምዝመሓላለፍ ኽፍልጥ።

ጸገራዳ ሃይለስላሴ ያሬድ

ኣብ ዞባ ማእኸል ንኡስ ዞባ ዕዲጋ ሓመሲ ጎደና 119-2 ቁ.ዝ 50 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00044200 ናይ በልዩርዶን ምምላእ ፊልምን ትካለይ፣ ንኣቶ ሄቨን ሚካኤል የሃኣ ኣድራሻ ዞባ ማእኸል ን/ዞባ ዝ ጣንዳ ጎደና ዓዲ ያቐብ ቁ.ዝ 566 ብዕለት 19/03/2026 ቁመዝ 54/2026 ስለ ዝሸየጥኩ፣ ብዝም ሽያጠ. ዝኾፈሎ ዕዳ ኣሊኒ ወይ ይግባኢኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕስት ጀሚሩ ክሳብ ሰሳ መዓልቲ፣ ሰልጣን ዝዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፣ እንዘይቀርብ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዝዀለ ተቑጺሩ ናብ ዝዀነ ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ኽፍልጥ።

ሰመረኣብ ብርሃነ ተስፉጋብር

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብስም ነፍ/ሄር የሴፍ ገብረሂወት ወልዱን ነፍ/ሄሪት ኣልጋሽ ይሕደጎ ለማን፡ ኣብ ኣስመራ ብግዚያዊ ዋንነት ኣባይቲ ቁ.መስክር ወረቐት 112900 መወከሲ ቁጽሪ 102851 ዞባ 1 ምም 10 ጎደና እድሪስ ልጃም ቁ.ገዛ 10.12.14 ፓርሰል ዞና A ቁ.መዝገብ ንብረት 63741-41759 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ እዚ ዝተጠቐሰ ልብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሐዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሃልዩ ብቁቴሌ 07310800 ይሓብረና፡፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ እንተዘይቀረቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ኦርጅናል መተካእትኡ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር፡፡

ኣማኑኤል የሴፍ ገብረሂወት
ወ/ሮ ፋና ታደሰ በዮነ

ምልክታ ጨረታ

ሽያጠ፡- ምውጋን ንብረት መንግስቲ
ኣገባብ መሸጣ፡- ዕሹግ መሸጣ ሃገራዊ
ምውጋን ንብረት ብመንግስቲ፡ ኣብ መኽዘን ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፎሮቭያ ንዘርከብ ዝተፈላለየ ንብረት ክሸይጥ ንኹሎም ሕጋውያን ዓደግቲ ይዕድም፡፡

1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ክፉት እዩ፡፡
2.ተሳተፍቲ
* ዝተሓደሰ ናይ 2025 ፍቓድ ንግዲ
* ትሕጃ 20,000.00 ናቐፋ ብቸክ
ሐዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፎሮቭያ ብምቕራብ፡ ዘይምለስ 50.00 ናቐፋ ብምኽፋል ፕሮፎርማ ብምውሳድ፡ ዘቕርብዎ መወዳደሪ ዋጋ ክሳብ ዕለት 01/12/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ሳጹን ጨረታ ከእትዉ ይሓተቱ፡፡
3. ጨረታ ሰሉስ 01/12/2026 ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፎሮቭያ ይኽፈት፡፡
4. ንብረት ኣብ መኽዘን ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፎሮቭያ ብኣካል ብምምጻእ ክርእዩ ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፎሮቭያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
6. ምውጋን ንብረት መንግስቲ፡ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ምውጋን ንብረት መንግስቲ
120370



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ብስም ወ/ሮ ለምለም የማነ ኪዳኑ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1844 ቁጽሪ መዝገብ DAR-1623 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይነባ ዝርከብ ናይ G22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ብርኽቲ በርሀ ሓድጉ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ - ተሌፎን 07604705፣ ካብ ዕለት 10/11/26 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ፡፡

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ኋሉ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ኋሉ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 00006817 ቁጽሪ መዝገብ 32/2026 ዝርከብ ናይ ቤት ሕብስቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ስምኦን ግርማይ፡ ኣድራሻ ዓዲ ኋሉ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ኋሉ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ኋሉ ብዕለት 18/05/2026 መዝ 4533467 ብወሃብቶ ስለ ዝሃብኩዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

መኣዛ ሃብተማርያም

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ኋሉ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ኋሉ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 00006821ቁጽሪ መዝገብ 32/2026 ዝርከብ ናይ መከፋፈሊ ኮካ ትካለይ፡ ንኣቶ ስምኦን ግርማይ፡ ኣድራሻ ዓዲ ኋሉ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ኋሉ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ኋሉ ብዕለት 18/05/2026 መዝ 4533467 ብወሃብቶ ስለ ዝሃብኩዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

መኣዛ ሃብተማርያም

ብስም ነፍ/ሄር የሴፍ ገብረሂወት ወልዱን ነፍ/ሄሪት ኣልጋሽ ይሕደጎ ለማን፡ ኣብ ኣስመራ ብግዚያዊ ዋንነት ኣባይቲ ቁ.ምስክር ወረቐት 112886 መወከሲ ቁጽሪ 102853 ዞባ 5 ምም 01 ጎደና ጸጸራት ቁ.ፓርሰል A ቁ.መዝገብ ንብረት 22390/30976 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ እዚ ዝተጠቐሰ ልብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሐዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡ እንተዘይቀረቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ኦርጅናል መተካእትኡ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር፡፡

ኣማኑኤል የሴፍ ገብረሂወት
ወ/ሮ ፋና ታደሰ በዮነ

ብስም ነፍ/ሄር የሴፍ ገብረሂወት ወልዱን ነፍ/ሄሪት ኣልጋሽ ይሕደጎ ለማ +10 ደቆምን፡ ኣብ ኣስመራ ብግዚያዊ ዋንነት ኣባይቲ ቁ.መስክር ወረቐት 105902 መወከሲ ቁጽሪ 102852/102854 ዞባ 04 ምም 01 ጎደና ደጃ/ወንድ ራድ ቁ.ገዛ 52/6 ቁ.ፓርሰል ዞና A ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ እዚ ዝተጠቐሰ ልብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሐዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሃልዩ ብቁቴሌ 07310800 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይሓብረና፣ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ኦርጅናል መተካእትኡ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር፡፡

ኣማኑኤል የሴፍ ገብረሂወት
ወ/ሮ ፋና ታደሰ በዮነ

ሰላም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

ዕንቅፋት



“ብድሆታት ህይወት ከልግሰጉኻ ዘይትሑ፡ ናይ ብሩቂ መንነትካ ንኸቆልጡኻ እየም ተፈጠርካ።” - በርኒሶን ጆንሰን

ኑቲ ዝወንቅፈካ ናብ ዝዘለለ ዕድል ዝቐየረሉ መንገዲ ፍጠር። ፈተና ወይ ውድቀት ምስ ዘጋጥመካ እቲ ፈተና መወዳኢታኻ ምኻኑ ምእማን’ዶ ወይለሰ ከም ሓደ ሳጊ ዕድል ምወሳዱ። ዕወት ንኽነቱወን ኑየም ባህ ዝብሉኻ ብድሆታት ጥራይ ዘይትሑ ንኽእሉም ዓይነታት ብድሆ ክትገጥመካ ትኽእል ኢኻ። “ንጽጋም ከም ዘይለገር ንድሕሪት ዝኽትት ጊርነ ምወላድ ኣይግባእን” ብምባል እዩ ዝገልጾ። ወየሪ ሓደሊ ደኣ እምገር ዕንቅፋት ክንሸውን የብሉን። ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ወይ ጽጋም ንወጥቦ ኣተሓሳሰባን ዓቕምን ዝፍትኽየሉ፡ ዕንቅፋት ምኽንያት ናብ ዝዘለለ ደረጃ ንምብጻሕ ዘረጋግጽ መሳሪያ እዩ። እዩም ካብ ውድቀት ዝርሕቁ ሰባት ካብ ዓወት እየም ዝርሕቁ። ብርግጽ ኣብ ህይወት ዝተፈላለዩ ብድሆታት ኪጋጥሙ ባህርያዊ እዩ። ይኹን ደኣ’ምበር ብምሳኾንኦት ተምባርኪኽካ ተልእኾኻ ካብ ምፍጻም ምብድር ኩዕ ኣይግብእን። እቲ ምንታይ ኣብ ሽዑ ኣይትሓስብ። እቲ ምንታይ ኣብ ሽዑ ኣይትሓስብ ዝብሎ ሓሳብ ኣብ ልብኻ ምስ ዝቕመጥ ንሱ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ሓቂ ኣብ ልብኻ ይቕመጥ። ሓቂ ኣብ ልብኻ ምስ ዝቕመጥ ንሱ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ሓቂ ኣብ ልብኻ ይቕመጥ። ሓቂ ኣብ ልብኻ ምስ ዝቕመጥ ንሱ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ሓቂ ኣብ ልብኻ ይቕመጥ።

ካብ ምልክታት ብልቢ ዘፍቀረት ጓለንስተይቲ



ኣዝም ዝነበረ ነጥቢታት ገለ ካብየም ኣብ ልቢ ዘፍቀረት ጓለንስተይቲ ክጋበ ዝኾኑሉ ኮይኖም፡ በዚ መንገዲ’ዚ ጥራይ ግን ንልባዊ ፍቕሪ ክንልኽየ ከምዘይብልና ክሕመቦ ይግባእ።

• ዘፍቀረት ጓል ኣንስተይቲ ዝፍቀረቶ ወዲ፡ ግዜ ብምሳብ ቅድሚ ከሉ’ያ ትሰርዖ። ዋላ’ውን ብስራሕ ወይ ትምህርቲ ትስዘዙ እንተኾኑ፡ ዝፍቀረቶ ግዜ ኣተኣኻኽላ ንምርኻቡን ምነኡ ግዜ ምስሉፍን ኣይትጽገምን እዩ። እቲ ምንታይሲ ምስ ተፍቅሮ ወዲ ተሰልፎ ግዜ ከም ዕረፍትን ሓጎሰን እያ ትርእየ። ኣቡቲ ርክቡ እቲ ተፍቅሮ ዝፈትዎ ሃገራት፡ ዝዘረዎም ቃላት ወይ ናይ ባህሪ ለውጥታት ቀልጠፉ’ያ ተስዘውዕለሎምን ትዘርምም።• ኣብ ጸበቕን ሕማቕን ካብ ኣፍቃሪኣ ኣይትፍለን እዩ። ኣቡቲ ጸሽጉር ግዜ ኣብ ጎድኒ ተፍቅሮ እያ ትነሰፍ። ዝሎ ሓንሳን ጸገምን ተኻፊሉት እያ ትኸውን። ዘፍቀረት ጓል ኣብ ሕማቕ እዋን ወይ ቈንኣት ምስቲ ተፍቅሮ ትኸውን እምገር ሪሕራሓቶ ኣይትኸይደን እዩ። ኑቲ ኣጋጠሙ ዘሎ ጸገም ንምፍታሕ ንኣፍቃሪኣ ከም ናታ ዓወት ቀጺሩ ብልቢ’ያ ትሕገቶ።

• ግልጽነትን ተኣማንነትን ትሕሉ። ብዘይ ሕብኡብኡ ሕልምታታ ከምኡ’ውን ወሽጣዊ ስምዒታታ ተፋልል። ምስ ተፍቅሮ ክንከውን እኽሉ እቲ ናብ ብሩቂ ምስለ እያ ተገጸርኮ። ብዘይ’ዚ ኣብ ልዕሊ’ቲ ተፍቅሮ፡ እምነትን ክብረትን ተርኢ። ኣብ ቅድሚ ሰባት ይኹን ድሕሪ ሰባት፡ ክብሪ ዘፍቀረቶ ትሕሉ። ብዘይ ገዛኻ ምጥራጥር ኮኑ ናይ ብሩቂ ትኣምኖ። ኑቲ ርክብኩም ክቕጽል ኣብ ዝኽእሎ ኩነታት ክትከውኑ ጽቡቕ ኢኹም።

• መጻኢ ህይወታ ምስቲ ዘፍቀረቶ ክተሕልፎ ምኻና እናዘረተ’ያ ትሕገቶ። ብዘየገድስኣ ህይወታ ክትዛረብ ወይ ክትወጥን እኽሉ ኑቲ ዘፍቀረቶ፡ ኣብ ወሽጠ እቲ መደብ ተእትዎ። ኑቲ ርክብ ናብ ዝዘዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ባህ ከም ዘለዋ ተርኢ። ንልድሪቢትን ዓርኻ መሓዙኹ ምስቲ ተፍቅሮ ወዲ ንምልላየም ህንጥፍት ተሕድር። ድሕሪ ሌላ ዘሎ ግዜ ኮኑ ፍሉይ ክብሪ ትህቡ።

ብሉጽ ሓሳብ ንምሕሳብ

ብሉጽ ሓሳብ ንምሕሳቡ ምውጋድ ኣብ ጸቕጠ ወይ ዘደርገንኣኹ ኳኾነ ምሕሳብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ርኹዕ ምስ ትብል ኢኹ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ተእቱ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ብዘሉሉ ማይ ኑብኾነ ምሕጻቡ ኣድማሚ ሓሳብ ኣብ ዘየድሊ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ርኹዕ ምስ ትብል ኢኹ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ተእቱ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ብዘሉሉ ማይ ኑብኾነ ምሕጻቡ ኣድማሚ ሓሳብ ኣብ ዘየድሊ እዩ።



ምሕሳብ ግቢ ተራ ከም ዘለዎ እየም ዝሕዞሩ። ኣምሚቕካ ብምስትንፋሱ ሓሳቅካ ብምጥርናፍ ብሱል ሓሳብ ምሕሳብ ይክኣል። ብሓፊሽ ፍልጠት ሓይሊ’ዩ። ፍልጠት ከኣ ብዘተፈላለዩ መንገዲ ከምጽናዩ ይክኣል እዩ። ደሓን ዝኾነ ፍልጠት ብዘወ እቲ ኣልዒልኦ ዘለኻ ኣርእስቲ ንኽህልወካ ክእመቱኻ ዝኾኑሉ መጽሓፍቲ ምንባብ ከምኡ’ውን ንኽኢላታት ምኽሪ ምሕታት ዝኣማሉ ኣገባብ ሓንዙ እየም። ኣብ ዝተፈላለዩ ምስክ ተረድኡ ክኢ ናብዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ካብኡ ዝተፈልየ ሞያ ክም ዝኣተዉ ታሪኾም ብምወሓስ ክንፈልጥ ይክኣል። ዝንባለ ግን ሃንደፍ ኢልካ ብኢጋ ዝልለ ነገር ኣይትሃን። እንተስ ብዘይተደለየ ጽልዋ እንተስ ብገሰጽ ናብ ዘይትመርጾ ሞያ ምውዳቕ ልመድ ተርእዮ’ዩ። እቲ ጸገም ግኡ ኣብ ዘይመረጽኖ ሞያ ምእታወካ ጥራይ ዘይኮ ኣብ ዘይትደልዮ ሞያ ምህላው ንኽትርዳእ ቀሊል ዘይምኻኑ’ውን እዩ። ገለ ጹሓፍቲ ዝ. ይሕግዘ’ዩ ዝብልዎ ሓሳብ ኣለ።

ባርባራ በፍዮን ናይ ሞያታት መምርሒ ዝኾነውን መጽሓፍ ዝጸሓፈት ብሪጣንያዊት እያ። ብኾመይ ኣብ ዘይትብህን ሞያ ምህላውካ ኮተሰለ ትኽእል፡ ኣገዳሲ እዩ። ነፀግኣም ዝኣመሳሰሉ ንጥሪታት ብሉጽ ሓሳብ ኣብ ምሕሳብ ኣገደስቲ እየም። ከይሓሰብካ ነገራት ክተተግብርም ምስ ትፍትን ኣፀወቲ እየም። ንኣቡኽ፡ ሓሳቦም ዝዘረቡ ሰባት፡ ጣዕነ ኣይትርእየሉምን ኢኹ። ካምንድ ኮጆሬ “ከሉ ግዜ ንኡበኽ ብዘወ ዋላ ሓደ ብዘይ ምዝረብይ እንታይ ክሰዕብ ይኽእል፡ ኢልካ ሕተታ” ብምባል እዩ ዝገልጾ። ሓሳቦም ዝዘረቡ ሰባት ተዓጸፍቲ እየም። ካብ ሓሪቕካ እኽለኻ ሕሞቕ ቃላት ምዝራብ ሱቕ ምባል ይመርጾ። ዘይሓሰቡዎ ሕቶ ሃንደበት ምስ እትሕለት፡ ብመልስኻ ርግጽኛ ምስ ዘይትኸውን ካብ ተሞሮኽካ ምምላስ ክሓሳስ እየ ምባል’ውን ጸበቕ ልምዲ እዩ።

ጥቕስታት መዛነዪ

• “እንምሮኻ እቲ ገዛእዩ ሃብትኻ ምኻኑ ኣይትረስዕ ስለዚ እንታይ ከም እተቐምጠሉ ተጠንቀቕ።” - *ርቢርት ቲ ኪዮሳኪ*

• “ቃልሲ እንተዘይህልዩ ምዕባለ የለን።” - *ፍሪደሽ ኖምሳ*

• “ትማሊ እንተወድቕካ ለመጊ ተንሣእ።” - *ኤች. ጂ ዌልስ*

• “ኣብ ህይወት እቲ እትኣምኖ ኢኻ እትኾውን።” - *ኦፕራ ዊንፍረይ*

• “ኣብ ዘለኻ ሃሉ ጀምር። ኑቲ ዘለካ ተጠቕመሉ። ዝኾለካ ዘለለ ከኣ ግበር።” - *ኣርተር ኣሽ*

• “ምስጠር ክትቅብ እንተደሊኻ ካብ ገዛኺ ርኢኻ’ውን ክትሓብኡ ኣለዎ።” - *ጆርጅ ኦርዌል*

• “ተመኳሪ፡ ደቂ ሰብ ንጌጋኣም ዝህቡዎ ሰም እዩ።” - *ኣሰር ዌልድ*

• “ስራሕ ንመንነት ሰባት ዝገልጽ ምኽዉ. ሓደሊ. ናይ ምኾርን መሳረት ናይ ህላወን’ዩ።” - *ኣልበርት ኣንስታይን*

• “ንሓደ በደል እንህቦ ምላሽ ንመጻኢና ደወኽኖ እዩ።” - *ጆን በሸር*

• “ኣብዛ ዓለም ዘሎ ኩሉ ኣብ ድሌት እዩ ዝምርኮሱ።” - *በንጃምን ዴስራኤሊ*

ምልላይ ሓቀኛ ዝንባለ

ህይወት፡ ብምርጫታት ዝተሸበኦ እያ። ቅኑዕ ሞያን ንምላላይ ክሕግዘ ዝኽእል ሰፍልጠታዊ ኣንባብ ‘ሳይኮሜትሪክ’ዩ ዝበሃል። ብዙሓት ሰባት ብሰንኪ ንተወህቦታቶም ብንጹር ዘይምልላዮ፡ ናብ ዘየድምዕሉ ሞያ ክዋፈሩ ምርኣይ ልመድ ተርእዮ እዩ። መብዘሕትኦም እዞም ሎሚ እንፈልጦም ናይ ዓለምና ወሩያት ሰባት፡ በዚ ተወርዮመሉ ዘለዉ ሞያታት ዝጀመሩ ኣይተኾኑን። ከም ጸረብቲ፡ ኑኖቕ፡ መሃንድሳት፡ መምህራን . . . ኢሎም ዝጀመሩ እየም። እቲ ሓቀኛ ዝንባለታቶም ኣብኡ ከምዘይተላ ምስ ተረድኡ ክኡ ናብዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ካብኡ ዝተፈልየ ሞያ ክም ዝኣተዉ ታሪኾም ብምወሓስ ክንፈልጥ ይክኣል። ዝንባለ ግን ሃንደፍ ኢልካ ብኢጋ ዝልለ ነገር ኣይትሃን። እንተስ ብዘይተደለየ ጽልዋ እንተስ ብገሰጽ ናብ ዘይትመርጾ ሞያ ምውዳቕ ልመድ ተርእዮ’ዩ። እቲ ጸገም ግኡ ኣብ ዘይመረጽኖ ሞያ ምእታወካ ጥራይ ዘይኮ ኣብ ዘይትደልዮ ሞያ ምህላው ንኽትርዳእ ቀሊል ዘይምኻኑ’ውን እዩ። ገለ ጹሓፍቲ ዝ. ይሕግዘ’ዩ ዝብልዎ ሓሳብ ኣለ።



ባርባራ በፍዮን ናይ ሞያታት መምርሒ ዝኾነውን መጽሓፍ ዝጸሓፈት ብሪጣንያዊት እያ። ብኾመይ ኣብ ዘይትብህን ሞያ ምህላውካ ኮተሰለ ትኽእል፡ ኣገዳሲ እዩ። ነፀግኣም ዝኣመሳሰሉ ንጥሪታት ብሉጽ ሓሳብ ኣብ ምሕሳብ ኣገደስቲ እየም። ከይሓሰብካ ነገራት ክተተግብርም ምስ ትፍትን ኣፀወቲ እየም። ንኣቡኽ፡ ሓሳቦም ዝዘረቡ ሰባት፡ ጣዕነ ኣይትርእየሉምን ኢኹ። ካምንድ ኮጆሬ “ከሉ ግዜ ንኡበኽ ብዘወ ዋላ ሓደ ብዘይ ምዝረብይ እንታይ ክሰዕብ ይኽእል፡ ኢልካ ሕተታ” ብምባል እዩ ዝገልጾ። ሓሳቦም ዝዘረቡ ሰባት ተዓጸፍቲ እየም። ካብ ሓሪቕካ እኽለኻ ሕሞቕ ቃላት ምዝራብ ሱቕ ምባል ይመርጾ። ዘይሓሰቡዎ ሕቶ ሃንደበት ምስ እትሕለት፡ ብመልስኻ ርግጽኛ ምስ ዘይትኸውን ካብ ተሞሮኽካ ምምላስ ክሓሳስ እየ ምባል’ውን ጸበቕ ልምዲ እዩ።

ንዘብል ሕቶ ክትምልስ እኽላ ድማ “ንዓርቢ. ብሞንቀውታ ትጸንቱ ንሰኑይ ድማ ክም ኣሳሓይታ ትፈርሕ እንተ ኾንኹ፡ ኣብ ስራሕካ ክለኻ ዋዛታት ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ እንተ ጎይሉ፡ ምስ ተገልገልቲ ዘለካ ወገደት ክምቲ ዝድለ እንተ ዘይትኾኑ፡ ሽዑ ንዓኻ ኣብ ዘይምእማእካ ሞያ ክም ዘለኻ ትርዳእ” ትብል። ጸባሕ ካብ ሎሚ ክትሓይሽ እያ ክደብልካ ድማ ካብቲ ስራሕ ክትእለ ክም ዝኾብኣካ ትምዕድ። ስለዚ፡ ዝሰማምየ ሞያ ኣብ ምንዳይ ዘሎ ሱብ ንዓበይትን ዝተመኳሩን ክወሓስ ይኽእል። ኣብ ትደልዮን ትብህንን ሞያ ምህላው ረብሕኡ ዓቢ ስለዝኾኾ፡ ብተወሳኺ፡ ኣብ ስራሕካ ዝያዳ ርእሰ ተኣማንነት ይህልወካ፡ ብእኡ መጠን ድማ ኣብ ሞያዊ ዕብየትን ብልጽግናን ዝያዳ ተፍሪ። እቲ ጉዳይ ብኣንጻር ናይዚ ዝበልናዮ እንተ ኾይኑ ግኡ ብዘይሓ’ቲ ብቑጻሊ ክፈታተሉ ዝኽእል ሰፍኣዊ ዘይምምችቻኽ ፍርቂ ናይ’ቲ ብሉቂ ኮተፍርዮ ዝሸረካ ኮተፍሪ’ውን ኣይትኽእልን። ስለዝኾነ ከኣ’ዩ ቅድሚ ሞያ ዝያዳ ማዕቀኽ ምኻኑ ኮተረጋገጸ ዘድልዮ። ማዕቀኽ ምስ ፈለጥካ ኢኻ ልዕሊ ካልኦት ጎሊሕካ ትወጽኦ።

ዘዕቦ ሎጣ

Redseabeacon.com
10 ሕዳር 2026

ብኡዲስ ተኽለ
ትርገምኡ ታደለ ተኽለ

ሃናጺ ተራ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ምርግጋእ

ኣብ ኢትዮጵያ ዝመርሕ ዘሎ ሰልፊ ብልጽግና ኣብ መራኸቢ ብዙሓንን ዲፕሎማሲያዊ ገጽባኦትን ኣብ ዙይዶ ዘሎ ዘመቱ፡ "ኢትዮጵያ ዝዘብጀተኦ ክትካወንን ብቀጻሊ ኣብ ወሸጣዊ ጕድኣት ተሓሊሊጓ ክትኮርን" ፖለሲ ኤርትራ ነም ዝሾነ ክብልጽ ደለዮ እዩ። በዚ ብመሳረቱ ሓሶት ዝሾነ ግምት ቀጺሉ ደጣ "እዚ ኣፉናዊ ዕላማ እዚ ነቲ ሳላ ሰፍሓታን ብዘሐ. ህዞን ኢትዮጵያ ዘለዋ ዓብልኦት ንምድናም ገቐንዝ" ነም ዝሾነ የረድኡ።

ኣብ ሓየሎ ዓመታት ቅድሚን ድሕሪ ናጽነትን ብዘግር ንዘራእያ ዞባዊ ፖለሲታት ነምርመር ነሎ ዘርእዩ ምነቈርኦት ግና ካልእ ንዘራልያ ታሪኽ እዩ ገሊጾርኩ። እቲ ሓቂ ኤርትራ ምእንቲ ሓድነትን ሓያልነትን ጎረባብታ ብቐጻሊ ትጽዕር ሃገር ምኳና እዩ ገለማነር።

ኢትዮጵ፡ ብሰነኽ ሓድሕዳዊ ተጻብኦታት ብረታ ገሪጠሮ ወሸጣዊ ምብትታኑ ሓደጋ ምፍጥጣል ኪንኮማ ዘሎ ተኽእሎ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኤርትራ ብቐጻሊ እዘ. ሓደጋ እዘ. ከየፍጠር ኪተርእዮ ገጽንሑት ዘደሕለል ተገዳስነትን ሓልዮትን ካብቲ መርኢያ ፖለቲካዊ መርገጺታታ ነም ዝሾነ ክረአ ጸኒሑ እዩ። ብርግጽ እዘ. ወሸጣዊ ጉዳይ ናይ ከሉም ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይታ ሃገርን መንግስቲ ኢትዮጵያን እዩ። ተገዳስነት ኤርትራ ግና፡ ምስ ጎረባብታ ብልሪ ምሕዝነትን ምትሕብባርን ክትቀጽል ካብ ዘለዋ ቀነፅ ድልዮት ዝተነበለ እዩ።

ብመጽር እዘ፡ ካብ ዘዝን ሓርነታዊ ገድሊ ክሳብ ድሕሪ ናጽነት ዝበረ ናይ መሳርገሪ ግዜ፡ ካብ 1998 -2000 ዝበረ ውግኣ ምስ ሃድኣ ዝበረ እዋናት፡ ኣብ 2018 ዝበረ ናይ ምቅርራብ ሞጎህውን፡ ኣብ 2020 ኣብ ሶሚን ኢትዮጵያ ሞጅት ምስ ተመለወ ዝተጋህዱ ታሪናዊ ምዕባለታትን ነም ኣብኦት ክወሰዱ ይኽእለ።

1. ህግሓኤ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝበረ ናይ ተቓወሞ ሓይልታት ዝበሮ ርክባት

ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን፡ ህዞዊ ግንባር፡ ኣንጻር ተኸታታሊ ስርዓታት ምስ ዝቃለሱ ሓይልታት ኢትዮጵያ ርክባት ነም ዝበሮ ይፍለጥ። እዘ. ርክባት እዘ. ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝበረ ወጻዕቲ ስርዓተ መንግስታት ብወተሃደራዊ ዓወት ጥራይ ክድምደሙ ነም ዘየክእሉን ኣብታ ሃገር ዝጋበ በበይናም ማሕብረሰባት ክዋርንፍ ዝኽእል ፖለቲካዊ ስርዓት ስለ ዘድለን ካብ ምእማን ዝተነበለ እዩ ነይሩ።

ኣብዚ እዋንቲ ገለ ተቓለስቲ ብመንጎ ኢህኣፓ ካብ ዝነበሩ

ኮንሶ ባህል ኢንሳይክሎፒዲያ

ክፍል ሰላሳ ስድስት

ቀጣይ ክፍል ይጠብቁን!

ክፍል ሰላሳ አምስት ይመልከቱ

ዜና እረፍት

* ጀርመንኛ፡ ቤተሰብ ወዳጅ ዘመድ ጎረቤት ሕዝብ ሐዘኑን ይግለጽ።

ከዚህ ጀርመንኛ ቤተሰብ ሰንጠረዥ ጋር በተያያዘ ከዚህ በፊት ከተሰጠው ዝርዝር ውስጥ ሁለት ስሞች ተሰርዘዋል። ስለዚህ ከዚህ በታች ያለው ዝርዝር ሙሉ ነው። ከዚህ በፊት ከተሰጠው ዝርዝር ውስጥ ሁለት ስሞች ተሰርዘዋል። ስለዚህ ከዚህ በታች ያለው ዝርዝር ሙሉ ነው።

35 ሰዎች ሞት፣ ከ2028 ዝግጅት ጋር በተያያዘ ከተሞች ላይ የሚደርሰው ጫና እና ከ2026 ጨዋታዎች ምን እንማራለን - ፕሮፌሰር ሔክመር ሽሚት

* ጀርመንኛ፡ ቤተሰብ ሰንጠረዥ ሰባት ዓመት ከዘጠኝ ወር ሰላሳ ሁለት ቀናት

ከዚህ በታች ያለው ሰንጠረዥ ከ2028 ጨዋታዎች ጋር በተያያዘ ከተሞች ላይ የሚደርሰውን ጫና ለመገምገም ያገለገሉ ዋና ዋና ጠቋሚዎችን ያሳያል። ምንጭ፡ ፕሮፌሰር ዶ/ር ሔክመር ሽሚት - ኮፐንሃገን ቢዝነስ ስኩል፣ ዴንማርክ።

ጠቋሚ	ከ2028 በፊት	ከ2028 በኋላ
የሆቴል ክፍሎች ፍላጎት	+18%	-6%
የአየር ማረፊያ መንገደኞች	+12%	-4%
የመንገድ መጨናነቅ	+9%	-3%
የሕዝብ ማመላለሻ ጫና	+15%	-5%
የሆቴል ዋጋ	+22%	-8%
የሥራ አጥነት መጠን	-2%	+1%
የቱሪስት ወጪ	+14%	-7%
የአካባቢ ብክለት	+11%	-4%
የመኖሪያ ቤት ኪራይ	+16%	-6%
የሕዝብ ደኅንነት ወጪ	+13%	-5%

ከዚህ ሰንጠረዥ ውስጥ ሁለት ነገሮች ወዲያውኑ ይታያሉ። አንደኛው፣ ከጨዋታዎቹ በፊት ያለው ጊዜ ከተሞች ላይ ከፍተኛ ጫና ያሳድራል። ሁለተኛው፣ ከጨዋታዎቹ በኋላ ያለው ጊዜ ደግሞ ከፍተኛ ጫናን ያስወግዳል። ይህ ማለት ከተሞች ለጨዋታዎቹ ከሚያገኙት ገቢ ይልቅ ለጨዋታዎቹ የሚከፍሉት ዋጋ ከፍተኛ ነው ማለት ነው።

ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

ኢራን፣ አንጻር አመሪካ መጥቃዕትታት ተጻዕጽዕ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፣ ኢራን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ኣመሪካ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ድሮናትን ሚሳይላትን ኣብ ወሽጠ ሓደ ዓመት ካብ ዙርያዱ ተመሳሳሊ መጥቃዕትታት እቲ ገለዓለ ምንባሩ ሓቢሩ።

ይኸን'ምባር፡ ኩሉ'ቲ ኢራን ዝመንጨፈቶ ድሮናትን ሚሳይላትን ዒላማኡ ቅድሚ ምህራሙ ክብርያን ብምኽኣሉ፣ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብን ንብረትን ዝመረደ ዕንወት ከም ዘየለ እቲ ፕረዚደንት ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝዘገለለ ናይ ወልቁ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝዘርገሖ ሓብሬታ፣ ኣብዚ ሰሙን ሰልፊ ደሞክራትስ ኣብ ባይቶ ናይ'ታ ሃገር ዝበዝሐ መናብር ኣብ ዝረኸቡሉ ናይ ፍርቂ እብረ ምርጫ ክልተ ሃገራት ተኣኪዙ ከም ዝመረ'ውን ኣረዳኢ።

"ቀዳማይ፣ ኣብዚ ደሞክራትስ እንተ ስዒርም፡ ዕዳጋ ኣኽሲዮን (stock market) ብኽብድ ከነታት ነጸሉ እዩ ዝብል ነይሩ። እዚ ደማ ይኸውን ኣሉ።" ኣሉ።

"ካልኣይ ድማ እስላማዊት ሪፓብሊክ ኢራን ኣንጻር ኣመሪካ መጥቃዕትታታ ዚያዳ ከተጻዕጽየ እያ ዝብል ኮይኑ፣ እዚ'ውን ኮይኑ እዩ።" ክብል ሓቢሩ።

ትራምፕ ወሲኹ፣ "መረጽቲ ትርጉም ድምጻም ኣይተረድኣምን" ድሕሪ ምባል፣ ኑቲ ምርጫ "ዝየልሙድ" ክብል ገለጸም።

ይኸን'ምባር፡ ምኽትል ፕረዚደንት ጀይዲ ቫንስ ዝርከቡም ላዕለዎት መራሕቲ ሰልፊ ሪፓብሊክ ሰልፍም ኣብ'ቲ ምርጫ ዝተሳተፉ ሓደ ምክንያት፣ ምስ ኩናት ኢራን ዝተኣሳሰር ምንባሩ እያም ተኣሚናም ዘለዉ።

ኬንያን ኮንጎን ዝምድናኣን የመሓይሻ



ፕረዚደንት ኬንያ ዋልያም ሩቶን ፕረዚደንት ደሞክራሲዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ፊልክስ ትሽሼዲን ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ሃገራቶም ምሉእ ብምሉእ ናብ ንሙምላእ ክሸርሑ ከም እተሰማምዑ ተሓቢሩ።

እዚ ሰሙናዊ ክፋል ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣብ እትርከብ ከተማ ኦዮ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ እዩ ተበጺሑ።

ፕረዚደንት ሩቶ ብዋሽንግተን ዲሲ ኣብ ዝተኻየደ 'ኤክስ' ኣብ ዝዘርገሖ ሓብሬታ፣ ክልተአም ሃገራት ናብ ናደርጊን ኪንሻሳን ኣማኳደራት ብምልዉዋጥ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናኣን ናብ ንሙምላእ ክሸርሑ ተረዳዲኦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ትሽሼዲ ብወኑ ብመንፈዲ 'ኤክስ' ኣብ ዝዘርገሖ ሓብሬታ፣ ክልተአም መራሕቲ ብሓድሕዶም ምርድዳእን ብመንፈ ኣማኳደራቶምን ኣብአም ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ናብ ንሙምላእ ክሸርሑ ተረዳዲኦም ነይሮም ኣረጋጊጹ።

ኣብዚ ሰሙናዊ ክልተኣም መራሕቲ ንመትካላት ልኡላውነት፣ ግዕኣዊ ሓድነት፣ ኣብ ወሸጣዊ ጉዳያት ካልኢ ሃገር ኣደታ ዝዘያምእታውን ንዘናይ ገርብኽናን ዘለዎም ተወፋይነት'ውን ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

ሊብያ - ኣብ ልዕሊ መርከብ ሩስያ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ



ኣብ ምብራቓዊ ደንደስ ባሕሪ ሊብያ ኣብ እትርከብ ወደብ በንጋዚ ተጸገዓ ኣብ ልዕሊ ዝበረት መርከብ ሩስያ፣ ዝሓለፈ ሰሉስ ብኽብ ኣልቦ ኣሪት ምኽኑ ዝተጠርጠረ መጥቃዕቲ ነቲ እተፈጸመ ኣብታ ሃገር ዝመደበርም ሰብ ስልጣን ሓቢሩሞ።

እቶም ሰብ ስልጣን መምሪሑቲ ምብራቕ ሊብያ፣ ኣብ ኣብኣት ናይታ መርከብ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዘይወረደ እኳ እንተ ሓቡሩ፣ ፈጺሞቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ንምልላይ ግን ምስ ሱብ መዚ ሩስያ ብምትሕብባር መርመራ ይቐይድ ከም ዘሎ ገሊጾሞ።

ነቲ መጥቃዕቲ ብዘይመልከት ዝኾነ ኣካል ሓሳፍትኻ እንተ ዘይወሰዱ፣ እቲ መጥቃዕቲ ብደሮን ከም እተፈጸመ እንተ ተረጋጊጹ ግቡ ቁሪን እታ ቀዳመይቲ ተጠርጣሪት ክስትካውን ምኻና ተጉዪጡ የረድኡ።

እታ መርከቡ ናብ ሩስያ ንምምላስ ኑዩዲ ትመልእ ኣብ ዝበረትሉ እዋን እዩ እቲ መጥቃዕቲ ተፈጺሙዋ።

ልኡኽ ውድብ ሕብራት ሃገራት ኣብ ሊብያ ብወኑ፣ ብዘዕባ እቲ ፍጻመ ሰፊሑታኡ ብምግላጹ፣ ናጽን ግሊጸን መርመራ ክቐይዱሉ ጸዊዑ።

እቲ ልኡኽ ኣብ መግለጺኡ፣ ሊብያ ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ግጭታት ኢዳ ከተእቱን ዓውደ ውግኣ ናይ ደገ ሓይልታት ኮይና ክተገልግልን ነም ዘይብላ'ውን ኣሶሚሩሉ።

መምሪሑቲ ምብራቕ ሊብያ ድማ ሃዱ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መንን ሩስያን ዩክሬንን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ነም ዘይትኣት ድሕሪ ምንጋር፣ ነቲ መጥቃዕቲ "ቅሉዕ ጥሕሰት ሉኣላውነት ሊብያ" ክብል ነዚንኡ።

ዋዕላ 'ኮፕ-31' ብዘይ ፍረ ተዛዚሙ



ኣብ ኣንታሊያ - ቱርኪ ንኽልተ ቀነ ዝተኻየደን ኣብ ታሪኽ ሕቡራት ሃገራት ደማ እቲ ዝወሓ ምኽኑ ዝተገለጸሉን መባል 31 ኣህጉራዊ ዋዕላ ክሊማዊ ለወጥ፣ (ኮፕ-31)፡ ኣብ ጉዳይ ኑዮዲን ፋይናንስን ክሊማን ብሃኽ ዝተራእየ ዘይምርድዳእ ብዘይ ገሸኻ ሰሙንዕ ነም እተዛዘመ ተሓቢሩ።

እቲ ገዲሸለ ዋዕሉ መንኮነት ዓለም ነቲ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ሳዕበናት ክሊማዊ ለወጥ ንምውጋድ ዝጸገርዎ ዘለዉ ድኽም ቃልሲ ዘንጸባርቕ ምኽኑ እየም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕቡሩ ዘለዉ።

ወከል ቱርኪ ኣብ ኮፕ-31 መሪሑ ከሩም ኣብ መዘምሚ ናይ'ቲ ዋዕላ ኣብ ዘለመየ መግለጺ፣ "ሕጂ ዝግበር ሃገር የለን፣ ዝኾሉና ኩሉ ጊርና ኢና።" ክብል ተዛረበ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣወስትራልያ ኣንየኒ ኣልባነዚ ብወኑ ወጽኢት ናይቲ ዋዕላ ኣዘዙ ተሰፉ ዘዘርጽ ምኽኑ ድሕሪ ምሕባር፣ እቲ ኣኼባ ኣብ ዓለምና ብሃኽ ዝርኢ ዘሎ ጸኽቢ ጂኡፖለቲካዊ ከነታት ብዕወት ክዛዘም ነም ዘይትኣለ ኣረዳኢ።

ዋና ጹሓፊ ሕብራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ድማ ኩሉም እየም ኣብ'ዚ ቅልወላው ክሊማ ዝረኣዩ ዘሎ እዋን ብሓድነት ክሸርሑ ትጸበት ዝገበረሉም መምሪሑታት ኣብ ሰሙንዕ ክዘጽሑ ብዘይምኽኣሎም ኣገዙ ዘኽዝዘን ምኽኑ ሓቢሩ።

ንመወዳኣታ ግዜ ኣብ ዋዕላ ክሊማ ሕቡራት ሃገራት ዝተኣለ ነባብታት ብምሉኡ ክጸድቑ ዘይክኣሉ እዋኑ ኣብ 2009 ኣብ ኮፐንሃገን - ዴንማርክ ኣብ ዝተኻየደን ብ'ኮፕ-15' ኣብ ዝኽሰቖን ተመሳሳሊ ዋዕላ ምኽኑ ጸብጽዮት የመልክቱ።

ኢንዶነሽያ - ብሓደጋ ባርዕ 24 ሰባት ሞይቶም

ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ኢንዶነሽያ - ኣብ ሓደ ፋብሪካ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ብመሓሩ 24 ሰባት ነም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

እንተኾኑ ካልኦት 30 ሰባት ብሃኽ እቲ ባርዕ ኣብ ዝረረሰ ህንጻ ተደቢኖም ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምዉታት ክይወሓኽ ተሰጊኡ ነም ዘሎ ተገሊጹ።

መኺታዊ መርመራታት ነም ዘመልክትዎ፡ እቲ ባርዕ ብሃኽ ኣብ መመጠኒ ኣየር (ኣየር ኮንዲሽር) ዝተፈጥረ ምቁጻል እዩ ተኸሲቱ።

እቲ ፋብሪካ 'ብዩናይትድ ፋሚሊ ፋድ' ዝተዛህለ ኩጣንያ ዝመዝን ኮይኑ፣ ንዘቑረብኩ ሕቶ ቅልጠፍ መልሲ ክህቡ ኣይክኣለን ዘሎ።

ብሓፈሻ ኣብታት 5 ሽሕ ሰራሕተኛታት ነም ዘለወዎ ዝገንረቡ እቲ ፋብሪካ፣ ቀንዲ ኣቕሪብ ሃለኽቲ ሃገራት ናይታ ሃገር ምኽኑ ጸብጽዮት የመልክቱ።



ተረኛ ፋርማሲ፡ በት መሻጣ መድሃኒት ምሕረት
ዕለት፡ 24/11/2026
ጎደና፡ ጎደና መረብ ቁ.18፣ ከባቢ ካምፖ ቦሎ
ቁ.ስልኪ፡ 124151
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ
ቁ.ቴሌፎን 127565

Babur Printing Services